# ናይ ምስጋና ሕይወት

## الشكر حياة

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሽኖዳ ሳልሳይ

ትርጉም፦ ይብራህ መስፍን

ስም መጽሓፍ፡ –ናይ ምስጋና ሕይወት

The live of  thankinksgiving

الشكر حياة

ጸሓፊ፡ – ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሽኖዳ ሳልሳይ ሊቀ ጳጳሳት መንበረ ቅዱስ ማሪቆስ

ዝተተርጎመትሉ ፡–04/2021 ፈረንጂ

ስም ተርጓሚ፡ –ይብራህ መስፍን

ኣሕታሚ፡- ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

ኣድራሻ ኣሕታሚ፡- ግብጺ ካይሮ

Facebook:- ቤት ፍቅሪ እግዚኣብሄር

Website:- http://betfiqri.com

Gmail:- deki1krstos@gmail.com

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ ሳልሳይ ሊቀ ጳጳሳት መንበረ ማሪቆስ ግብጺ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ኮይና፡ ተርጓሚኣ ከኣ ኃውኹም ይብራህ መስፍን ካብ ሃገረ ዓባይ ብርጣንያ ዓዲ እንግሊዝ ከተማ ኒውካስትል እዩ።



# ነፍሰ-ኄር ቅዱስ ፖፕ ሺኖዳ ሣልሳይ

# መበል 117 ፓፕ መንበረ ማርቆስን ፖትርያርክ እስክንድርያን ዝነበሩ



ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ቀዳማይ

መበል ሣልሳይ ፓትርያሪክ ኤርትራ

**ትሕዝቶ**


ቃል ተርጓሚ ........................................................ 7

መእተዊ ............................................................ 8

ምዕራፍ ሓደ ........................................................ 10

ናይ ምስጋና ሕይወት ............................................... 10

ኩሉ ጊዜ ምምስጋን ................................................. 11

ምስጋና ንኹሉ ነገር ................................................ 13

ገለ ደረጃታት ምስጋና ............................................. 16

ምስጋና ኣብ ጊዜ ጸበባ ............................................. 19

ናይ ኣቦታትና ሓዋርያት ምሳሌ ዝኾነና፡ ............................ 21

ምስ ገረፍዎምን ሓየርዎምን! ........................................ 21

ትምህርቲ ገለ ካብ ጸበባታትን ..................................... 23

ሓዘንን ነብይይ ዮናስ ............................................. 23

ምዕራፍ ክልተ ...................................................... 28

ናይ ምስጋና ዕድላት .............................................. 28

ካልእ ናይ ምስጋና ዕድላት ......................................... 31

ካብ ናይ ምስጋና ሕይወት ዕድላት .................................... 38

ተወሰኽቲ ናይ ምስጋና ዕድላት ..................................... 48

ምዕራፍ ሰለስተ ..................................................... 59

ምስ ምስጋና ዝተሓሓዝ ስነ-ምግባር ..................................... 59
ቅንዕና ኣብ እምነት ምስ ምስጋና ዘለዎ ምትእስሳር "!................. 59
ትዕግስቲ ምስ ምስጋና ዘለዋ ርክብ ....................................... 65
ትሕትና ምስ ምስጋና ዘለዋ ምትእስሳር .................................. 68
"ቅኑዕ ዓላማ ምስ ምስጋና ዘለዎ ምትእስሳር" ........................... 70
ምዕራፍ ኣርባዕተ ........................................................ 73
ንቕድሚት ምጥማትን ምስጋናን............................................. 78
ንኸይነመስግን ዝዕንቅጸና ውዕለትን ሰናይ ግብሪ እግዚኣብሔርን ስለ ዘይንዝክር እዩ! ...................................................... 85
ንኸነመስግን ዝዕንቅጹና ምኽንያታት ..................................... 87
ውሽጣዊ ድልየታትናን ኣገማግምኡን....................................... 91
ካብ መደብ እግዚኣቢሔር ንላዕሊ፡ ኣብ ናይ ግልኻ ኣተሓሳስባ ምጽናዕ94
10- ምርሳዕ ሓጥያትን፡ ድሕሪ ቃንዛ ዘሎ በረኸትን ክብርን ብሰናይ ምግዛእን!............................................................ 97

# ቃል ተርጓሚ

እዛ መጽሓፍ ኣዝያ ሃፍታምን ብዙሕ ንምጽንናዕን ትርጉም ምስጋናን ዝሓዘት ኮይና፡ ንኹሉ ኣብ ዕለታዊ ናብራኻ ንዘጋጥመካ ናኣሽቱ ይኹን ዓበይቲ ሽግራት በዲህካ፡ ኪንዮኦም ዘሎ በረኸት ኣነጺራ እተርኢ መንፈሳዊት መስትያት ከም ምኳና መጠን፡ ካብ ምጉርምራም ኣውጺኣ ብምስጋና ንኽትነብር እትመርሓካ ብርሃን ንእግረ ልቦናኻ እተብርህ ብልጽቲ መጽሓፍ ኢያ። ስለዚ ከኣ እየ ካብቲ ዘስተማቐርክዎ በረኸት ኵሉ ክሳተፎን ክምገቦን ኣለዎ ካብ ዝብል ቅዱስ ቅንኢ ተበጊሰ፡ በዛ ድኻ ዓቕመይ ነዛ ወርቂ ዝኾነት መጽሓፍ ንኽትርጉማ ብርዕይ ዘልዓልኩ ። ከምቲ ኣነ ዝረባሕኩላ ኵሉ ዘንብባ ዘበለ ንኽረብሓላ ድማ ኣብ ቅድሚ ዝፋን ጐይታ ኮይነ ጸሎተይ አዕርግ ኣለኹ። ስለ ኵሉ ነገር ስሙ ይባረኽ ኣሜን።

# መእተዊ

## ዛንታ ናይዛ መጽሓፍ

**1ይ** ኣብ 1965 ኣብ " ኣልመንደራ ኣብ እስክንድርያ እትርከብ ቤት ክርስትያን ማርሚና ኣብ ጉባኤ ቤት ክርስትያን ኣስትምሮ ኣቕሪበ ኔረ ። እዚ ኣስተምህሮ ምስ ካልእ ኣስተምህሮታተይ ተወሲኹ ( ንዓኻ ኣታ ወደይ ) ኣብ ዝብል መጽሓፍ ተሓቲሙ ተዘርጊሑ ፣ ቃላቱ ኣብ ካልእ መጻሕፍቲ እውን ተዘርጊሐ።

**2ይ** ከም እንደገና ኣብ ካቴድራል መንበረ ማሪቆስ ካይሮ ዓርቢ ብ 16/05/1980 (ስለ ኵሉ ነገር ኵሉ ጊዜ ነመስግን) (ኤፌ 5፤20) ኣስተምሂረ ግን ኣይተዘርገሐትን ኔራ።

**3ይ** እንደገና ዘይተዘርገሐት ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ኣብኣ ኣብ ተመሳሳሊ ካተድራል ብ 31/12/1980 ሙብዛሕትኡ ኣብ "ናይ ምስጋና ሕይወት " ዝብል ዘተኮረን ፣ ዝተረፈ ከኣ ብዛዕባ ነብስኻ ምቕባጽን ፣ ተስፋን ዝብል ኣስተምህሮ ሃብኩ።

እግዚኣቢሔር ረዲኡኒ ከኣ ፡ ናብ ሩስያ ኣብ ዝገሸኵሉ ፣ እኹል ጊዜ ስለዘዳለወለይ፡ ነዘን ኣብ ገጊዜኡ ዘስተምሃርክወንን ካልእ እውን ወሲኸ ናብ ሓንቲ መጽሓፍ ኣኪበ "ናይ ምስጋና ሕይወት " ብዝብል ክትበቅዕ ክኢላ ኣላ ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተሓተሙ ፍልይ ዝበለት ኢያ። እቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ቀዳማይ ኣስተምህሮ ብ1965 ኣሕቲምናዮ ዝነበርና፡ ከምኡ’ውን ኣስተንትኖ ብዛዕባ ናይ ምስጋና ጸሎት ብዝብል

ዝተሓተመ መጽሓፍ ብ 1964 ኣብ ኣደራሽ ቅዱስ ማሪቆስ ኣብ ገዳም ኣንባ ርዌስ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ብ ቤት ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኣብ (መሓረም እስክንድርያ) ብተደጋጋሚ ዝተሓትመን ዝተዘርገሐን።

ኣምላኽ እንተፈቐደ፡ ብህወይት ከኣ እንተጸናሕና፡ ብፍሉይ "ኣብ ናይ ምስጋና ጸሎት ኣብ ውሽጡ ናይ መጽሓፍ ሸውዓተ ጸሎት (ኣግብያ) ዘሎ ከም መዝሙር 50 ሰለስቲኡ በረኸታት ከምኡ'ውን ዎ ኣምላኽ መሓረና እንደገና መሓረና" ናይ ኣስተንትኖ መጽሓፍ ክንሓትም ኢና።

ሞስኮ 06/1988

# ምዕራፍ ሓደ

# ናይ ምስጋና ሕይወት

እቲ ብናይ ምስጋና ሕይወት ዝነበር ሰብ፡ ንሱ እቲ ሕያዋይ፡ ንጽቡቕ ዘመስግን እምበር ዘይርስዕ እዩ። ንዝተገብረሉ ነገር ፈጺሙ ኣይርስዕን፡ ንዝተገብረሉ ነገር ከኣ ብምስጋና ይገልጾ፡ ምስጋናኡ ኣብ ልቡን ካብ ኣፉ ከኣ ናብ ሰብን እግዚኣብሔርን እዩ። ጕይታ እውን ነቲ ሓደ ካብ'ቶም ዓሰርተ ለምጻማት ምስተፈወሰ ናብ ክርስቶስ መጺኡ ዘመስገነ ከኽብሮ ኢና ንርኢ። ነቶም ትሽዓተ ዝተፈወሱ ግን፡ ክብሪ ምስጋና ክህቡ ስለ ዘይተመልሱ ነቐፎም (ሉቃ 17፤5–18) ንስኻ ከተመስግን ከለኻ፡ ብዝተገብረልካ ተኣሚንካ፡ ንኣምላኽ ኢኻ ክብሪ ትህብ ዘለኻ ኣምላኽ ብኻልኦት ሰባት ገይሩ ሰናይ ነገር ክገብረልካ እንከሎ፡ ንኣምላኽ ከተመስግን ይግባእ። ነቲ እግዚኣቢሔር ብእኡ ጌሩ ሰናይ ዝግበረልካ ሰብ እውን ከተመስግኖ ይግባእ፣ ምኽንያቱ ንሱ ኣብ መንጎኻን መንጎ ኣምላኽን ናይ ሰናይ ነገር ማእከላይ ስለዝነበረ።

ብዙሓት ሰባት ንኣምላኽ ዘመስግንዎ ኩሉ ጊዜ ንግሆን ምሸትን ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ኣብ ከም በዓላት ከም ሓድሽ ዓመት፡ ኣብ ኣውደኣመታት፡ ወይ ከኣ ኣብ ህይወቶም ገለ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር እንከጋጥም ጥራይ እዮም።

ናይ ምስጋና ሕይወት ግና ፍሉይ መለለዩ ወይ ዝፈልዮ ነገር ኣሎ። ምናልባት ቀዲሙ ዝመጽእ ናይ’ቲ ሓዋርያ ኣበሃህላ እዩ ክኸውን።

## ኵሉ ጊዜ ምምስጋን

“ስለ ኵሉ ነገር ኵሉ ሳዕ እናኣመስገንኩምዎ፡” (ኤፌ 5፤20) ዝብል ቃል እዩ። ስለ’ዚ ምስጋናና ንኣምላኽ ፍሉይ ምኽንያት ዘድልዮ ዘይኮነስ፡ (ኵሉ ሳዕ) እዩ ዝብል። ኵሉ ሳዕ ካብ ኮነ ከኣ ንመላእ ዕድሜኻ ንምስጋና ዝተመደበካ ኢኻ ማለት እዩ። ቅዱስ ሓዋርያ ከምዚ ዓይነት ኣስተምህሮ ኣብ መልእኽቱ ናብ ሰብ ተሰሎንቄ "ኵሉ ሳዕ ተሐጐሱ። ከየባተኽኩም ጸልዩ። ብኹሉ ኣመስግኑ (1ተሰ 5፤16–18)” ክብል ገሊጹ ኣሎ።

ስለዚ እዩ "ናይ ምስጋና ጸሎት "ቅድሚ ኵሉ ጸሎታት ቀዲሙ ዝመጽእ፡- ኵሉ ናይ ቤት ክርስትያንና ጽንብላት ኮነ ቅዳሴታትና፡ ብናይ ምስጋና ጸሎት እዩ ዝጅምር። ከምኡ’ውን ናይ ምስጋና ጸሎት ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና ቀቅድሚ ነፍስ ወከፍ ናይ ሸውዓተ ሰዓታት ጸሎትና ኣብ ናይ ቀትሪ ይኹን ናይ ለይቲ ኣቐሚጣትልና ትርከብ። ስለዚ ከኣ ኵሉ ጊዜ ኣብ ሰርክ (ናይ ምሸት) ነግሀ (ወጋሕታ) ቀትሪ ንኣምላኽ ነመስግኖ ። ምስቲ ዘማራይ ኮይንና ከኣ፡- "ስለቲ ጻድቕ ፍርድኻ ኽመስግነካ፣ ፍርቂ ለይቲ ኽትንስእ እየ።ንብል (መዝ 119፤62) ኣብቲ ሓፈሻዊ ናይ ምስጋና ጸሎትና ኣብቲ ናይ ጊዜ ኣስተንትኖ ዝቐርበሉ፡ ምስጋና

ኢና እነቐድም ። ንኣብነት ኣብቲ ናይ ጸሎተ ነግህ ( ናይ ንግሆ ጸሎት) ከምዚ ንብል ኢና፦ “ዎ ንጉስ ዘለኣለም ነመስግነካ ኣለና፡ ከመይሲ ነዛ ለይቲ ብሰላም ኣሰጋጊርካና ኢኻ ። ናብ ፈላሚ መዓልቲ ቀትሪ ከኣ ኣብጺሕካና ኢኻ ። ለይቲ ብሰላም ስለ ዝዓቀብካናን፡ ሓዳስ መዓልቲ ንሕይወት ከኣ ስለ ዘፍቀድካልናን ነመስግነካ አሎና ።”

*ናይ ሳልሳይ ሰዓት ኣስተንትኖ ጸሎት ከም’ዚ ንብል፡– “ኣብዛ ቅድስቲ ሰዓት እዚኣ ንቅዱሳን ደቂ መዛምርትኻን ኩቡራት ሓዋርያትካን ጸጋ መንፈስ ቅዱስካ ብምስሊ ሓዊ ልሳን ብምሃብ ዘሀፍተምካላ፡ ንዓና ንጸሎት ስለ ዘተሳእካና ነመስግነካ ኣሎና።”

* ኣብ ናይ ሻድሻይቲ ሰዓት ኣስተንትና ጸሎት ከኣ ከምዚ ንብል፡–“ኵሉ እትመልኽ ንጉስ ነመስግነካን ነኽብረካን ኣለና ። ምኽንያቱ ስቓይ ናይቲ ሓደ ወድኻ ናይ ምጽንናዕን ናይ ጸሎትን ጊዜ ስለ ዝገበርካልና።”

* ናይ ምሸት ጸሎት ከኣ ከምዚ ንብል፡ – "ኣንታ ለዋህ ንጉስና፡ ነዛ መዓልቲ ብሰላም ክንሰግራ ዝገበርካን ናብ ምሸት ብምስገሰና ስለ ዘብጻሕካናን ፡ መብራህቲ ክሳብ ምሸት ክንርኢ ዘብቃዕካና ነመስግነካ ኣሎና" ስለዚ እምበኣር ነፍሲ ወከፍ

ብሰናይ ዝሓለፍናያ ጊዜ ምስጋና ንኣምላኽ ክንህበላ ይግባእ ። ምስጋና ብቐጻሊ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ይኹን ኣብ ኵሉ ኣጋጣሚታት ዝቐርብ እዩ።

## ምስጋና ንኹሉ ነገር

ቤት ክርስትያን ግና ዋላ ኣብ ጊዜ ዕረፍቲ ናይ ዝኾነ ሰብ ካብ ምድራዊ ሕይወት ንሰማይ ዝግዕዘላ ዝግበር ጸሎት ግንዘት ብናይ ምስጋና ጸሎት ኢያ ትጅምር ። እቲ ሓዋርያ ከምዚ ይብል፦" ብቓል ኰነ ወይስ ብግብሪ እትገብርዎ ዘበለ ዅሉ ብስም ጐይታና የሱስ ግበርዎ፡ ብእኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኣመስግንዎ።" ቆሎሴ 3፤17፤ ስለዚ ከኣ ኣብ ኵሉ ስራሕና ንኣምላኽ ኢና እነመስግን ።

ኣብ ናይ ምስጋና ሽውዓተ ጸሎትና ከምዚ ኢና እንብል፡ ("ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኩነታትን ምእንቲ ኵሉ ኩነታትን ኣብ ውሽጢ ኵሉ ኩነታትን ነመስግነካ ኣለና") ስለዚ እምበኣር ኵሉ ጊዜ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኩነታት እውን እዩ ። ምኽንያቱ ከኣ ኣምላኽ ንዓና ብቀጻልነትን ብዘይ ምቁራጽን ሰናይ ነገር ስለ ዝገብረልና። እቲ ሓዋርያ ክጽሕፍ እንከሎ ("ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና (ሮሜ 8፤28)። ዝበሎ፡ እቲ ሰናይ ንጹር ይኹን ኣይኹን ንሕና ንፍለጦ ኣይንፍለጦ፡ ግን ከኣ

ሰናይ እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣምላኽ (ገባሪ ሰናያት) ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ሰናይ እምበር ካልእ ኩፉእ ኣይሰርሕን ። ስለዚ እቲ ኣማኒ ሰብ በዚ ናይ ኣምላኽ ኣገላልጻ እዩ ዝጽዋዕ። ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ኵሉ ብሓጎስ ይቕበል፡ ብእምነት ከኣ "ኵሉ ንሰናይ እዩ"ይብል ንኣምላኽ እውን የመስግኖ ። ድሕሪ ጊዜ ከኣ ንሰናይ ከም ዝነበረ ይግለጸሉ። ገሊኦም ብርግጽ ንሰናዮም እንከሎ ንሰናዮም ምዃኑ ይጠራጠሩ ። ምናልባት ገለ ሰባት፦ “ንኹሉ ዝመጽኣና ነገር ካብ ኣምላኽ እዩ ኢልና ዶ ንቀበሎ ፧ ኢሎም ይሓቱ ይኾኑ ። ንሕና ድማ ከምዚ ንብሎም፦ “እቲ ካብ ሰባት ኣብ ልዕሌና ዝመጽእ ተግባራት ሰናይ እንተ ኾይኑ ሰናይ እዩ። ሰናይ እንተዘይኮይኑ ከኣ ኣምላኽ ናብ ሰናይ ይልውጦ እሞ ናባና ሰናይ ኮይና ይበጽሓና ። ንዮሴፍ ኣሕዋቱ ንባርነት እዮም ሸይጦሞ። ኣብታ ጊዜ እቲኣ ንሳቶም ዝገበርዎ ተግባር ካብ ተንኮል፡ ጉድለት ፍቕሪ፡ ጭካነ፡ቅንኢ ዝተበገሰ ክፉእ ነገር እዩ ። ኣምላኽ ግን ነዚ እኩይ ሓሳብ ናብ ሰናይ ቀይርዎ። ዮሴፍ ከኣ ኣቦ ፈርኦናውያንን ጐይታ ኵሉ ዘለዎን ካላኣይ ተጸዋዒ ናይ ንግስነትን ጌርዎ ። ኣብ ግብጺ ምጽንሑ ከኣ ምእንቲ ድሕነት ነፍሳት ምንባሩ ባዕሉ ከምዚ ኢሉ ኣሎ " ንስኻትኩም ንኽፉኤይ ሐሰብኩም፡ እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ሎሚ ኾይኑ ዘሎ ኺገብር ብዙሕ ህዝቢ ምእንቲ ኺድሕን፡ ንጽቡቕ ሐሰበ ዘፍጥረት 50፤ 20።

እቶም ደቂ ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ እንዳ ተሓጎሱ ስለ ኵሉ ነገር እዮም

ዘመስግኑ። ከመስግኑ እንከለዉ ከም ትእዛዝ ንምፍጻም ኣይገብርዎን። እቲ ሓቀኛ ምስጋና ከምኡ ኣይኮነን። ምስጋና ንስለ ምባል ብዘይ ዕግበት ግቡእካ ንምፍጻም ዝፍጸም እውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ፧ ምስጋና ብምሉእ ልቢ ብምሉእ ምእማን ዝቐርብ መስዋእቲ እዩ። ንሶም ማለት እቶም ኣመንቲ፡ ብምትእምማንን ርግጸኛታት ኮይኖም፡ ኣምላኽ ሰናይ እምበር ክፉእ ከምዘየብጸሓሎም፡ ከምቲ ኣብ ካልእ ቦታ ኣብዚ መርበብ ዝሓበርናዮ "ኩሉ ዝመልኽ ከም ምኽኑ መጠን፡ ንኹሉ ዘጋጥሞም ከም ዝቆጻጸሮ፡ እቲ ዝጠቕሞም ዝኾነ ጥራይ ከኣ ከም ዘፍቅደሉ ይኣምኑ። ስለዚ ንሳቶም ስለ ኩሉ ዘጋጥም ነገር ንረብሓኦም ምኽኑ ኣሚኖም ምስጋና ይህቡ። ምእንቲ እዚ ናይ ምስጋና ሕይወት ምስ እምነት ዝተኣሳሰረት ኢያ ። ከምቲ ጸኒሕና እንርእዮ ትሩፋት ምስ ምስጋና ዘለዎ ምትእስሳር ማለት እዩ። ወዲ ሰብ ከምቲ ኣብ (ሌዋ 3) ዘሎ ንኣምላኽ ናይ መስዋእቲ ምስጋና፡ መስዋእቲ ሰላም፡ መብጸዓ ወዘተ............. ብመሃብ ከመስግንዎ ይከኣል። ከምቲ ነብይ ዳዊት ዝበሎ፣"ጽዋእ ምድሓን ክወስድ፣ ስም እግዚኣብሄር ድማ ክጽውዕ እየ። ንእግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቡ፣ ኣብ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር፣ ኣብ ማእከልኪ፣ ዎ የሩሳሌም፣ መብጽዓይ ክፍጽም እየ። ሃሌሉያ (ዳዊት 116፤13/19)።

# ገለ ደረጃታት ምስጋና

ምስጋና ኣብ ሕይወት ደቂ ኣምላኽ ብደረጃታት እዩም። ምስጋና ስለ ተኣምራት ፡ ስለ ብሉጽ ውህበታት ፡ ስለ ዓበይቲ ጸጋታት ፡ ስለ ዝረአን ዘየጠራጥርን ወይ እውን ዘይረአ ነገራት፡ ከምኡ'ውን ዓቢ ውጽኢት ዝረኸብናሉ ሰናያት፡ ከምኡ ከኣ ብዙሕ ሰብ ዘየመስግነሉ ናእሽቱ ጸጋታት ብዘይ ምስትብሃል ዝሓልፍ፡ ከምኡ'ውን ካልእ እንዳ ተራእየ እንከሎ ምስጋና ከም ዘየድልዮ ጌርና እንወስዶ እዩ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

ዓቢ ዋጋ ዝወሃቦ ከኣ ካልእ ኣሎ፡ ንሱ ከኣ ንውሑድ ነገር ምምስጋን እዩ። ኣብ ናይ ምስጋና ሕይወት ከም ልሙድ ዝውሰድ፡ ሓደ ሰብ ካብ ኣዚዩ ዓቢይን ሓደገኛን ሕማም ምፍዋስ ፡ንኣብነት ከም ካብ ካንሰር ዝዓይነቱ ሕማም ምስ ዝፍወስ ወይ ዝድሕን እዩ ምምስጋን ዘድሊ ዝመስሎ ወይ ከኣ ዘመስግን ። ካብ ከም ሰዓል ዝኣመሰለ ሓውዩ ዘመስግን፡ እቲ ኣብ ደቀቕቲ ነገራት ዘመስግን ሰብ ግና፡ ኣብ ሰባት ቀጻሊ ዝመላለሱ ከም ምኽኑ መጠን ፡ እዚ ሰብዚ ናይ ምስጋና ሕይወት ኣብ ህይወቱ ስለዝተለማመደ ጥራይ እዩ ዘመስግን ። ኣብ ውሑድ ከነመስግን እንከለና ኣምላኽ ከንዲ ብዙሕ እዩ ዝግምግመና። ረብሓ ምስጋና ናይ ጸጋ ቀጻልነትን ወሰኽን ምኽኑ ብዛዕባ እዚ ገለ ኣቦታት ይዛረቡ እዮም፣-ከምዚ ብምባል ድማ ይገልጽዎ"

# (ምስጋና ዘይብሉ እንተኾይኑ እምበር፡ ዘይስስን ጸጋ የለን")

# ብዘይካ'ዚ እውን ካልእ ንሕቡእን ንዘይረአን ዝግበር ናይ ምስጋና ሕይወት ኢዩ።

ምስጋና ምናልባት ስለ ክመጽእ ዝኽእል ውግእን ድኻማትን ግን ከኣ ብሰንኪ ሓለዋን ተገዳስነት ኣምላኽ ዘይመጸኣና። ከምኡ'ውን ምስጋና ስለ ሓለዋ ሰይጣን ኣብ ልዕሌና ክውርዶ ዝሓሰብ ጉድኣትን፡ ኣምላኽ ግን ኣባና ንኸይበጽሕ ዝኸልከሎ ግን ከኣ ንሕና ዘይንርእዮም ዘይንፈልጦን ግን ድማ ብእምነት ንቕበሎ ስለኡ ከኣ ነመስግኖ። ብባህሪ ንሕና ንእግዚኣቢሄር ስለቲ ኣብ ልዕሌና ዝወረደ ጸበባታት ስለ ዘደሓነና ነመስግኖ ኢና፡ ይኹን እምበር ኣባና ከይበጸሐ ጠጠው ዘበሎ ጸበባታት ከኣ ኣሎ። ብርግጽ ሕቡእ ነገር ስለዘይንፈልጥ ኣይንርእዮን ግን ኣባና ከይበጸሐ ጠጠው ከም ዘብሎ ብምእማን ነመስግኖ። እቲ ስለቲ ካባቲ ወሪዱና ዝነበረ ጸበባ ምውጻእ እንህቦ ምስጋና ስለ ዝረአ ነገር እዩ ። ስለቲ ክወርደና ዝተሓሰበ ጸበባ ብሓለዋ እግዚኣብሄር እንድሕኖ  እንህቦ ምስጋና ግን ስለቲ ዘይረአ እዩ። እመኑኒ፡ ኣምላኽ ንኹሉ ኣባና ክወርድ ዝተመደበ፡ እሞ ኣምላኽ ዝኸልከለልናን ካባና ዘርሓቐልና  ሽግራትን እንተዝገልጸልና፡ ሕይወትና ምሉእ ንምስጋና ኣይምኣኸለናን ነይሩ።

ስለ‘ቶም ሕቡኣት ነገራት ‘ኣምላኽ ጥራይ ዝፈልጦም፡ ምናልባት ድሕሪ ጊዜ ኣብ ጊዜኡ ዝገልጸልና፡ ወይ’ውን ከይፈለጥናዮ ዝሓልፍ ከነመስግን ይግባእ።ምስናይ‘ዚ እውን ኵሉ ነ�-ርበ ምስጋና ብፍቕሪ ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ። እቲ ካልእ ናይ ምስጋና ደረጃ ምስጋና **"ኵሉ ሳዕን ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኩነታትን "** ዝብል እዩ።

በዚ ከኣ ሕይወት ወዲ ሰብ ናብርኡ ኣብ ኵሉ ጊዜ ብምስጋና ዝተመልአት ትኸውን ። ኣብዚ መርበብ ኣብ ካልእ ስፍራ ከም ዝገለጽናዮ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ቀጻሊ ምስጋና ንምቕራብ ሓደ ውሱን ምኽንያት ኣየድልዮን ኢና ንብል ዘለና። ብዙሕ ምኽንያት ክወሃብ እኳ እንተ ተኻእለ የግዳስ ፡ ኣብ ሓለዋ ኣምላኽ ንነብር ምህላውና ጥራይ ንባዕሉ እኹል ምኽንያት እዩ።

እዚ ከኣ ምስ’ቲ ነፍስኻ ምውፋይ ዝብል ይተኣሳሰር። ምስጋናና ብፍጹም ብእንነብሮ ዓይነት ኩነታት ጠጠው ኣይብልን ።

# ምስጋና ኣብ ጊዜ ጸበባ

## ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምስጋና ሕይወት "ምስጋና ኣብ ጊዜ ጸበባ እዩ

ስለቲ ካብ ጸበባ ዘድሓነና ንኣምላኽ ነመስግኖ ኢና፡ እዚ ግን እቲ ዝተሓተ ናይ ምስጋና ዓይነት እዩ ።እቲ ካብዚ ዝዓበየ ምስጋና ግን ንሕና ዋላ'ውን ጌና ኣብ ጸበባ እንከለና ነቲ ጸበባ ተጻዊርና ንኣምላኽ ከነመስግኖ እንከለና እዩ ። ብእመንነት ከኣ እቲ ጸበባ ንሰናይና ምዃኑ ኣሚንና ነመስግኖ ። ኣብ ጸበባ ምዕጋስን ምጽዋርን ትሩፋት እዩ። በቲ ጸበባ ምዕጋብን ምቕባሉን ከኣ ዝዓበየ ትሩፋት እዩ። ካብ'ዚ ኩሉ ዝዓበየ ግን ስለቲ ጸበባ ምምስጋን እዩ ።እዚ ማለት ከም ስለ ሕጊ ዘይኮነስ፡ ብሓጎስ ተቐቢልካ ምምስጋን እዩ።

እመኑኒ፡ ምስጋናና ስለቲ እንረኽቦ ጸጋታት ጥራይ እንተኾይኑ፡ ፍቕርና ኣብ'ቲ ጸጋ ዝሃበና ኣምላኽ ዘይኮነስ ፍቕርና ኣብቲ ጸጋ ጥራይ ዝተመርኮሰ እዩ ዝኸውን። ኣብ ጸበባ እውን ይኹን እንተ ደኣ ንኣምላኽ ነመስግን ኮይንና ወይ ኣሎና ግን፡ ፍቕርና ኣብኡ ኣብ ኣምላኽ ኣብቲ ወሃቢ ደኣ እምበር ፡ ኣብ ውህበታቱ ከም ይዘይኮነ ኢና ነግህድ ዘለና። ዘጋጠመ የጋጥም ነመስግን፡ ዝኾነ ኣሸጋሪ ኩነታት ንእምነትና ይኹን፡ ነቲ

እግዚኣቢሔር ኣብ ልዕሌና ዘለዎ ሓለዋ፡ ወይ'ውን ንእግዚኣብሄር ንእነቕርቦ ምስጋናና ከጉድሎ ከነፍቅደሉ ኣይግባእን። ከምኡ'ውን ሰላምና ከይተዘርገ ሓጎስና ኵሉ ሳዕ ብጐይታ፡ ውሽጣዊ ይዅን ግዳማዊ ኣብ ኵሉ ኩነታት ምስ ኵሉ ብሰላም ምስ ሰብን ኣምላኽን ክንነብር ይግባእ ።እዚ ሓጎስናን ናይ ምስጋና ሕይወትን ከኣ ኣብ ካለኦት ሰባት ዓቢ ጽልዋ ይህልዎ። ኣብ ጊዜ ጸበባ ክንሕጎስን ከነመስግንን ኣብ ዝርእዩና ጊዜ ይጸናንዑ። እወ፡ ውሽጣዊ ሰላምናን ምስጋናናን ክርእዩ እንከለዉ በዚ ወንጌል ዝሰረተልና መንፈሳዊ መሰረተ ስርዓት ይጸናንዑ ፡ ብሕይወትናን ብግብርናን ኣብነት ወይ ምኽንያት ክንኮኖም ዝተዋህበና ወይ ዝተቐበልናዮ ጸጋ እዩ። ከምቲ ፍረ መንፈስ ቅዱስ (ፍቕሪ፡ሓጎስ፡ሰላም ገላ 5፤22) ዝበሎ።

እዚ ፍረ እዚ ዝረኸብና ከኣ ንኣምላኽ ነመስግኖ። ከምኡ'ውን ስለ እታ ጸበባ እውን ምምስጋን የድሊ፡ ምኽንያቱ መንፈሳዊ ጥንካሬ ስለ እትህብ። ንሳ ንወዲ ሰብ ዓሙቕ ናይ ጸሎት፡ ዓሙቕ ርክብ ምስ ኣምላኽ፡ ዓሙቕ ናይ ጾምን እምነትን ጊዜ ስለ እትህብ እዩ። ኣብ'ዚ መርበብ ኣብ ካልእ ክፍሊ መጽሓፍ ከም ዝገለጽናዮ፡ ንቤት ክርስትያን ሓይልን ሓድነትን እውን ትህብ።

ልቢ ደቃ ናብ እግዚኣቢሔር ከልዕሉ ትገብር። ወይ'ውን ብርቱዕ ጸበባ ካብ ሚኢቲ ስብከት ንላዕሊ ወይ እውን ካብ መንፈሳዊ

ጽሑፋት ምንባብ ንላዕሊ ናብ ናይ ንሰሓ ሕይወት ክመርሕ ይኽእል እዩ ። (ኣብ ጊዜ ጸበባ ኢድ እግዚኣቢሔር ክትዓዪ ኢና ንርኢ) ጸበባ ንኣምላኽን ግብሪ ኢዱን ተርእየና ኢያ፥ ኣብ ሕይወትና ጣልቃ ክኣቱ ከናግፈናን ሓይሉ እውን ተርእየና። ቅድሚ ሕጂ ብዘይ ጸበባ ርኢናዮ ዘይንፈልጥ መንፈሳዊ ተመኩሮ ተጠርየልና። እቲ ኣብ ጸበባ ዘመስግን ከኣ ኣብ ኩሉ ነገር ከም ዘመስግን ባህርያዊን ርዱእን ነገር እዩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ብዘይ ዝኾነ ምጉርምራም ብቐጻሊ "ናይ ምስጋና ሕይወት ይነብር።

## ናይ ኣቦታትና ሓዋርያት ምሳሌ ዝኾነና፥

## ምስ ገረፍዎምን ሓየርዎምን!

መጽሓፍ ቅዱስ ይብል፡- "ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ኺሐስሩ ብቑዓት ኰይኖም ስለ እተቘጽሩ፥ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሐጐሱ ኸዱ። ግብ 5፤41።" በዚ ኩሉ ስቓይ ከየማረሩ ከኣ ሓዋርያት ከም ዓቢ ንዕኡ ዘይበቕዑ በረኸት ጌሮም ቀጸርዎ ።

## ጸበባ ምስ ስቓይ ክርስቶስ ሕብረት ኣለዋ፥

መጽሓፍ ቅዱስ እውን ከምዚ እዩ ዝብል፡- “እቲ ኣባይ ዝርኤኹምዎ ሕጂ’ውን ኣባይ እትሰምዕዎ ዘለኹም ገድሊ፥ ከምኡ

ዝበለ እናበጽሓኩም፡ ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኸትኣምኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸጋ ተውሂብኩም ዘሎ። ፊልጲ 1፤29-30፤" ስቅያት እምበኣርከስ ህያብ ካብ ኣምላኽ ኢያ እንተ ደኣ ኢልናያ ፡ ስለ ምንታይ ከ ደኣ እሞ ዘይንሕጎስን ዘይነመስግናን፤ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ እውን ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡- "ብዝኾነ ኾይኑ ናብ ትንሳኤ ምዉታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ፡ ብሞቱ እናመሰልክዎ፡ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ኽፈልጥ፡ ኵሉ ኸም ወጽዓ እቈጽሮ ኣሎኹ" ፊልጲ 3፤10-11። "ኣቦታትና ሓዋርያት እምበኣር ነዛ ሕብረት እዚ እዮም ዝተሓጎሱን ከም ግቡኦም ዝቖጸርዋን። እቲ መንፈሳዊ ሰብ እምበኣር፡ መስቀል ንኽስከም ንኸመስግኖን ውህበት ተዋሂቡ እዩ። ምኽንያቱ ስቓይ ምስ ናይ ጐይታ ስቓይ ሕብረት ዘለዋ ስለ ዝኾነትን እዩ።

## ንሱ (እቲ መንፈሳዊ ሰብ) ንጸበባ ልክዕ ከም'ቲ ንጸጋ የመስግኖ፡ ከመይሲ እቲ ጸበባ ጸጋ እዩ።)

ብዙሓት ኣብቲ ኣብ ጸበባ ዝረአ ቃንዛን ሓርጎጽጎጽን እዮም ዘድህቡ። ስለዚ ከኣ እዛ ስቓይ እዚኣ ትጸቕጦምን ተድክሞምን ። ኣብዚ መርበብ ኣብ ኻልእ መጽሓፍ ከም ዝገለጽናዮ፡ እቶም መንፈሳውያን ግና ኣብ ካልእ ነገር ተስፋ ይገብሩ። ንሱ ከኣ፡ – ስለምንታይ እዩ እዚ ፈቃር ኣምላኽ ነዚ ነገር ኣፍቂዱ፤ ብርግጽ

ብድሕሪ እዛ ስቓይ ሰናይን በረኸትን ኣሎ። እዛ ሰናይ እዚኣ ዋላ እኳ ሕጂ ክንርእያ ኣይንኽእል፡ ክንርእያ ብዘይ ምኽኣልና ንህላዌኣ ኣይክልክሎን። ብዓይንና እኳ እንተ ዘይረኣናያ ብእምነት ንርእያ ኢና።

## ትምህርቲ ገለ ካብ ጸበባታትን

## ሓዘንን ነብይይ ዮናስ

ካብ ናይ ነብይ ዮናስ ጸበባን ሓዘንን ገለ ምህሮ ክንወስድ ኢና፡ ንዮናስ ዓሳ ነባሪ ውሒጥዎ፡ ነዚ ከመስግን ዶ ይግበኦ ነይሩ፧ እወ, ምኽንያቱ እታ ሓንቲ መገዲ ኣብቲ ባሕሪ ካብ ምጥሓል ዘድሓነቶን ናብ ተልእኾ ነብይነቱ ናብ ነነዌ ዘብጸሓቶን ንሳ ኢያ ኔራ። ዮናስ ብምንቃጽ ወይ ምቕምሳል ናይ እታ ዘጽልለላ ዝነበረ ኣምላኽ ባዕሉ ዘዳለዋ ጉልዒ ሓዘነ፡ ብርግጽ ኣርሒቑ ሓሲቡ ነይሩ እንተ ዝነብርስ ፡ እቲ ምቕምሳላ ምስ ኣምላኽ ንኽዕረቕ መቕድም ብምንባራ ምስጋና ክህብ እዩ ዝግባእ ነይሩ።

## ናይ እንጦንዮስ ዓቢይ ሞት ወላዲኡ ኸ ንምስጋና ዝዕድም ዶ ነይሩ፧

እንታዋይ ውሉድ እዩ ብሞት ኣቡኡ ዘመስግን፧ ንእንጦንዮስ

ብዛዕባ እዚ ምስጋና ምቕራብ ዘይሰማማዕ እዩ፡ ንሕና ግን ነመስግን፡ ምኽንያቱ ነዚ ቅዱስ መንእሰይ እዚ ናይዛ ዓለም እዚኣ ምረት ከስተንትን እሞ ናብ ምንኩስና ከምርሕን ዝገበረቶ ሞት ኣቦኡ ኢያ ኔራ። ነዚ ናይ መላእኽቲ ስርዓት ዝኾነ ጥቕስታቱ ከኣ መስሪቱልና፦ ናብ ሬሳ ኣቦኡ ከይዱ ከኣ " (ክብርኻ፡ ሓይልኻ፡ ሃብትኻ ኣበይ ኣሎ፧) ካብዛ ዓለም እዚኣ ብሰንክኻ እየ ወጺአ፡ ቅድሚ ብጽልኢ ዘውጽኡኒ ግን ብፍታወይ ክወጽእ እየ"፡ ብምባል ናብ ምንኩስና ወጺኡ ኣቦ ኵሎም መነኮሳት ኮነ።

ፍቁረ እግዚ ዮሓንስ እውን ኣብ ደሴት ጳጥሞስ ኣብ እሱርቤት ተረሲዑ ነይሩ እዩ። ዮሓንስ ኣብ ከም’ዚ ኩነታት እንዳ ሃለወ ከመስግን ንጽበዮ ዶ፧

ብርግጽ ብዘይጥርጥር, ምኽንያቱ እታ ጸበባ መንፈሱ ንሰማይ ናብ ጐይታ ክንጠቕ ጌራቶ ኢያ( ራኢ 1፤10)። ኣብዚ ናይ ዝተረሰዐ ማእሰርቲ፡ ሰማይ ተኸፊቱ ረኣየ፡ ዝፋን እግዚኣቢሔር ሰራዊት ሰማይ ኣብ ዙርያኡ እውን ረኣየ፡ ብዙሕ ቅድሚ ሕጂ ዘይተራእየ ከኣ ረኣየ፡ ነዚ ዓሚቝ ትሕዝቶ ዘለዎ ራኢ ዮሓንስ ከኣ ጽሒፉልና ።

## እዚ ናይ ማእሰርቲ ጊዜ ንዮሓንስ ብርግጽ ካብቲ ዘሕጉስ ጊዜ እዩ ነይሩ።

ምስጋና ዝግበኦ ኩነታት ከኣ እዩ ነይሩ። ብዝኾነ ጠመተና ኣብቲ ጸበባ ጥራይ ዝተሓጽረ ክኸውን ኣይግባእን ፡ እንታይ ደኣ ኪንዮ እቲ ጸበባ ዘሎ ተዳልዩልና ዘሎ በረኸት ኣርሒቕና ምጥማትን ፡ እቲ ኣዳልዩልና ዘሎ ብዙሕ ሰናያትን ክንርእን ክንሓስብን የድሊ። ብርግጽ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ምእንቲ ስሙ ዝመጽኣና ጸበባ ብድሕሪኡ ዘሎ ሰናይን በረኸትን እዩ።

## ነቲ ጸበባ ንባዕሉ እኳ እንተ ዘየመስገንና፡ ነቲ ብድሕሪ እቲ ጸበባ ዘሎ ከነመስግን ይግባእ፡

እቶም ዓለማውያን ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሓዘንን ድኻምን ኣብ ዝወድቅሉ ጊዜ ናይ ምስጋና ስምዒት የጥፍኡ እዮም ። ሓደ ሰብ ንኸመስግኑ እንተ ሓተቶም ከኣ፡ ብምጉርምራምን ብምግራምን ("ብዛዕባ ምንታይ እየ ከመስግን፤ እምበር ዶ ክብደት ናይዚ ዘለኽዎ ትሪኦ ኣሎኻ)ኢሎም ይምልሱ። እቶም ደቂ ኣምላኽ ግን በዚ ኵሉ ነገር ኣይደኽሙን። ዘየድክሞም ምስጢር ወይ ምኽንያት ግን ስለምንታይ እዩ ፤ እወ ምኽንያቱ ካብ ኣምላኽ

ምፍላይ እንተ ዘይኮይኑ ዘድከሞም የለን ። ምስኡ ጠቢቓም ከሳብ ዝሃለዉ ከኣ፡ እቲ ቀጻሊ ናይ ምስጋና ሕይወት ንዕኦም እኹል እዩ ።

ንሶም ኣብ ውሽጢ ኵሉ ኩነታት እዮም ዘመስግኑ፡ ኣብ ሃፍቲ ኣብ ድኽነት፡ ኣብ ጸበባ ኣብ ራህዋ፡ ኣብ ጊዜ ሕማም ኣብ ጊዜ ጥዕና፡ ብሞት ኮነ ብሕይወት፡ ከምቲ ኣብዚ መርበብ ኣብ ካልእ መጽሓፍ ዝገለጽናዮ፡ ኵሉ ዓላማኦም ምስ እግዚኣቢሔር ምልጋብ እዩ። ኵሉ ጊዜ ክሕጎሱን ክዕልሉን ነፍሲ ወከፎም ከምዚ እንዳ በሉ ብምስጋና ይነብሩ፡-

“ኵሉ ነገር ከሲረ ኣምላኽ እንተ ኣሎኒ፡ ንሱ ይኣኽለኒ ስለዚ ነዚ ከምስግን እየ”

እዚ ማለት ኵሉን ኣብ ኵሉን ዘለኒ ኣምላኽ እዩ። እንታይ ደኣ እዩ ከሕዝነኒ፤ ስለዚ ከኣ ኢዩ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ብምባል ” (ብድኻም፡ ጸርፊ፡ መቚሰልቲ፡ ምስዳድ፡ ብጸበባ ምእንቲ ስም ክርስቶስ ከም ዝተቐበለ ዝገልጽ (ቆረ 12፤10)። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ዘበሎ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም፤ ንሱ እታ ጸበባ ብዝበለጸ ናብ ኣምላኽ ከም እተቕርቦ ጽቡቕ ርድኢት ስለ ዝነበሮ እዩ። ንሱ ኣብ ከምዚ ጸበባ ኣብ ዝህልወሉ ሓይሊ

እግዚኣቢሔር ኣብ ልዕሌኡ ንድሕነቱ ይወርድን ብዝበለጸ ይብርትዕን ። ትሕት ኢሉ ኣብቲ ምዕራፍ እውን ዝበሎ እንተ ረኣና ( ኣብ ዝደኸመሉ ሽዑ እብርትዕ ) እዩ ዝብል።

## ሓዋርያ እዛ ጸበባ ምኽንያት ኣኽሊል ዓወት ከም ምዃና መጠን ተረዲኡ ብምስጋና ይጻወራ፡

እቲ መንፈሳዊ ሰብ ጸበባ እንተ ገጠሞ፡ “ብድሕሪ'ዚ ጸበባ ሰናይ እንተ ዘይህሉ፡ ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ክወርድ ኣይምፈቐደን ነይሩ ብምባል፡ ብዕግበት ይቕበሎ።

ዘይተወሰነ ምስጋና፡- ወዲ ሰብ ሓቀይኛ ናይ ምስጋና ሕይወት ክነብር እንተዝኽእል፡ ንነፍስ ወከፍ ዘስተንፍሳ እስትንፋስ ፡ ንነፍሲ ወከፍ ዚስጉማ ስጉምቲ፡ ንኹሉ ዝገብሮ ዕዮ እሞ ዝሰመረሉ ፡ መመስገነ ነይሩ። ኣብ ሕይወትና ምስጋና ዘይግበኦ ነገር ከምዘየለ ምተረደኦን፡ንኹሉ ዘጋጥም ከኣ ( ኵሉ ንሰናየይ እዩ ) ክብል ምበቐዐ ነይሩ።

# ምዕራፍ ክልተ

## ናይ ምስጋና ዕድላት

ንእግዚኣቢሔር ብእኡ ጌርና ከነመስግነሉ ወይ ናይ ምስጋና ዕድል እንረኽበሉ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎና። ንሱ ከኣ፡ – ኵሉ ጊዜ ክምስገኖ ዝግባእ ንሕና ግና፡ ሳሕቲ ጥራይ እነመስግኖ፡ ካልእ እውን ከም ቀሊል ነገር ቆጺርና ኣቕሊልና ብምርኣይ ብዙሕ ዘይንግደሰሉ፡ ወይ ከኣ ካልእ ነገር እውን ኣብ ሕይወትና ትርጉም እንከለዎስ ኣብ ሓጎስ ጥራይ ተወሲንና ብዙሕ ምስጋና ዘይነቕርበሉ፡ ካልእ ሳልሳይ ናይ ምስጋና ምኽንያት፡ ስራሕ እግዚኣቢሔር ሰናይ ፍረ ብግልጺ እንርእየሉ፡ እንተኾነ ንሸሉ ኣመስጊንና ቀጻልነት ዘይንገብረሉ ሓቀኛ ምስጋና ዘይወሃቦ ወዘተ,,,። ስለዚ እምበኣር ገለ ምሳሌታት እንዳ ኣልዓልና፡ ገለገለ ናይ ምስጋና ዕድላት ክንገልጽ ክንፍትን ኢና።

## 1- ንእግዚኣቢሔር ስለ ዝፈጠረካን፡ ብህላዌ ስለዝጸገወካን ኣመስግኖ፡

ብሓቂ እስኪ ካባና መን እዩ ንእግዚኣቢሔር ስለዝፈጠሮ ጥራይ ዘመስግን ፤ ኩቡር ኣንባቢ ምናልባት ዘይክትህሉ ዘይክትፍጠር እኮ ተኽእሎ ነይሩ እዩ። ሓደ ፍጡር ኣብዛ ዓለም ህሉው ንኽኸውን ንእግዚኣብሄር ክሓቶ ዝኽእል ኣካል እኮ የለን !

እምበኣር ኣዴኻ መኻን ዘይምንባራ ፡ እኳ ደኣ ውሉድ ክትወልድ ዝጸገዋ ንኣምላኽ ኣመስግኖ።

ምውላድካ ጸጋ ካብ እግዚኣቢሔር ምኳኑ ኣብ መዝሙር ዳዊት "(እነሆ ውሉድ ውህበት እግዚኣቢሔር እዮም መዝ 127፤3) ተባሂሉ ኣሎ።

ዋላ'ውን ምናልባት ነቦኻ እዚ ንስኻ ንኽትህሉ ዝተዋህበ ጸጋ ዘይክወሃብ ፡ ሓውካ ጥራይ ተወሊዱ ንስኻ ዘይክትውለድ ተኽእሎ ነይሩ እዩ ። ስለዚ ንኣምላኽ ስለ ዝፈጠረካን ክትህሉ ስለ ዝፈቐደልካን ኣመስግኖ።

በዚ ኣበሃህላ ኣብ ቅዳሴ ጎርጎርዮስ ኣቦና ካህን ዘንብባ ንባብ ፡(" ብፍቕርኻ ተደሪኽካ ሰብ ጌርካ ፈጢርካኒ፡ ኣነ ደኣ ጐይትነትካ የድልየኒ እምበር ንዓኻ ኣምልኾ ናተይ ኣድልዩካ ኣይኮነን ፡ ብርህራሄኻ ክኾኖ ዘይግበኣኒ ኮይነ ") እንዳበለ ጸሎት የዕርግ።

## 2- ስለቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ባህርያዊ ተፈጥሮ ኣመስግን

እግዚኣቢሔር ኵሉ ዘድልየና ምስ ፈጠረ ኣብ ሻድሻይ መዓልቲ ሰብ ዝፈጠረ፡ ሰማይ ፈጢሩ፡ ጸሓይ፡ ወርሒ ፡ ከዋኽብቲ ጌሩ

ኣወቂቡ ብርሃናት ድሕሪ ምግባር፡ ኵሉ ሕጋጋት ስነ—ተፈጥሮ ሰማያት ሰሪው፡ ኣብ ንፋሳትን ዋዕን ማያትን ዘሎ ሕግታት ሰሪው፡ ኣብ ምድሪ ይኹኑ ኣብ ሰማይ ከምኡ'ውን ኣብ ባሕሪ ዘለዉ ኵሎም ፍጥረታት ፈጢሩ፡ ንወዲ ሰብ ዝኸውን መግቡ ኣዳልዩ፡ ንሓጎሱ ዝኾነ ድንቅ ጸባቘታት ዘለዎም ዕንበባታትን ፍዮሪታትን እምነ በረድን ኣዕዋፍ ሰማይን ዘዳለወ ኣምላኽ ክምስገን ኣይግባእን ዶ !

እዚ ኵሉ ናይ ዕርፍቲ ምስ ኣዳለወ እዩ ንሰብ ዝፈጠሮ፡ እሞኸ መን እዩ ካብ ደቂ ሰባት ስለዚ ባህርያዊ ተፈጥሮ ምስ መላእ መልክዓ ዝገበረ፡ ብዝግባእ ንኣምላኽ ዘመስገኖ፤ ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና ነዚ መንፈሳዊ ስልጠና ኣብ ጸሎት ( እታ ኣመስጋኒት እታ ጽቡቕ ነገር ዝፈለጠት ኢያ ) እቲ ኣቦ ካህን ኣብ ቅዳሴ ጎርጎርዮስ ከምዚ ይብል፡ –( ንሰማይ ኣብ ላዕሊ ዘርጋሕካለይ፡ ኣብ ልዕሌኣ ምእንቲ ክኸይድ ከኣ ንምድሪ ኣጽኒዕካያ ) ኢሉ ይጽሊ።

## 3- ስለቲ እግዚኣቢሔር ዝሃበካ ባህርያዊ ውህበታት ኣመስግኖ።

ብዙሓት እንትርፎ ስለቲ ባህርያዊ ብሉጽ ውህበት ኣብነት፡ ምሕዋይ ሕሙማት፡ ምትንሳእ ምውታት፡ ምግላጽን ምግሃድ መንፈስ ቅዱስን እንተ ዘይኮይኑ ከመስግኑ ኣይረኣዩን ።

ግን መን እዩ ካብ ሰባት ብዛዕባ ውህበት ጥበብ፡ ዘመስግን ፧ እኳ ደኣ ቅድሚ ምፍዋስን ምትንሳእ ምውታትን ንሳ ተጠቒሳ እንዳ ሃለወት ( 1ቈረ 12፤8–10 )።

## ስለቲ ዝተዋህበካ ኣእምሮ፡ ብልሒ፡ ምምርማር ወዘተ,,, ተመስግን ዶ፧

ንኣብነት ናይ ምስኣል ጥበብ፡ ናይ ምግጣም ስነ ጽሑፍ፡ ክእለት ሙዚቃ፡ ናይ ድምጺ ዜማ፡ ጽቡቕ መልክዕ፡ ከተእምን ናይ ምኽኣል ብቕዓት፡ ናይ ተጻዋርነትን ትዕግስትን፡ እዚ ኵሉ ናይ እግዚኣቢሔር ውህበት ምስጋና ዝግበኦ እዩ።

## ካልእ ናይ ምስጋና ዕድላት

## 4- ስለቲ ዘለኻዮ እምነት ተመስግን ዶ፧

ኣማኒ ኮይንካ ብምውላድካ ናብዚ እምነት ንምምጻእ ብዙሕ ጻዕሪ ዘየህለኽካ ብምዃንካ ተመስግን ዶ፧ ምኽንያቱ ናብዚ ዘለኻዮ ክመጹ ዝምነዩ ግን ዘይረኸብዎ ብዙሓት ኣለዉ።ብዙሕ ይደኽሙ ጌና ግን ኣይረኸብዎን፡ ከመይሲ ኣብ ቅድሜኦም ናይ ሃይማኖታት መሰናኽላትን ተጻብኦታትን ፡ ናይ ቤተሰብ፡ ናይ ሕብረተሰብ ፡ ተነጽሎን ውግእን ስለዘለዎም። እንተ ንስኻ ግን

ብዘይ ዝኾነ ሃልክን ብነጻን ኢኻ ረኺብካዮ። ከመይሲ ካብቲ ውሽጢ እምነት ስለ ዝተወለድካ ፡ ስለዚ ነዚ ምስጋና ክትህብ እኹል ምኽንያት እዩ ንዓኻ።

ሓደ ፍላስፋ ዘይኣማኒ ንሓደ ሓረስታይ መሃይም ክጽሊ እንከሎ ርእይዎ ዝበሎ ዝሰማዕክዋ ዛንታ ኢያ፡ "**እዚ መስኪን ሓረስታይ ኣብ ሕርሻኡ ምስ ሓደ ዘይረኣዮ ከመይ ኣቢሉ እዩ ዝጽሊ ዘሎ፤ እሞ ኸኣ ብምሉእ ልቡ ብምሉእ ስምዒቱ፡ ብምሉእ እምነትን ምትእምማንን ከኣ ይዛረቦ ኢሉ ተደነቐ። ድማ በለ "ካብዚ ሒዘዮ ዘለኹ ኵሉ ናይ ፍልስፍናይ፡ ንኹሉ ዝተመሃርክዎ መጻሕፍትን ኢደይ ክስሕብ፡ ብእምነት ከኣ ኣብዛ ናይዚ መስኪን ሓረስታይ ዝድሰተላ ዘሎ ሕይወት ክኣቱ ክቕበል እየ"** በለ።

## እዚ ናይ እምነትካ ጸጋ፡ እተን እምነት ኣልቦ ሃገራት ኣይረኸበኦን ኣይተቐበለኦን፡

እቶም ኣብቲ ናይ ኣመንቲ ሃገራት ዘለዉ ዘይኣመንቲ፡ ብሰንኪ ዘንበብዎ ይኹን ዝሰምዕዎ ናይ ፍልስፍና ወይ ናይ ስነፍልጠት መጻሕፍቲ ካብ እምነት ኣርሒቕዎም ኣይተቐበልዎን ። ብተወሳኺ እውን ብሰንኪ ናይ ሰይጣናዊ ውግእ ኣብ ልቦምን

ኣእምሮኦምን ጥርጠራታት ስለዝዝረኦም ካብኡ ክድሕኑ ወይ ከምልጡ ዕድል የብሎምን፡ ወይ ከኣ ዘእምኖም መልሲ ዝምልሰሎም ኣይረኽቡን ። ብልክዕ ነዚ ኩሉ ጥርጠራታት መልሲ ኣለዎ ግን ከኣ ኣይበጽሕዎን። እንተ ንስኻ ኣብ እምነትካ ስለዘለኻ ዘድክመካ የሎን ። እሞ እዚዶ ምስጋና ኣየድልዮን፤

ከምኡ'ውን ስለ እምነትካ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ቅኑዕ እምነት ስለ ዝተዋህበካ እምበር ከኣ ከተመስግን ይግባእ፡- ምኽንያቱ ብዙሓት ናይ ቤተ እምነታት፡ ብሰንኪ ምስ ካልእ ስነ ሓሳባት ምድብላቑ ፡ እምነቶም ተበኪሉ እዩ። እዚኣቶም ብማሕበሮም ድዩ ወይ መጻሕፍቶን ኣርመኦምን እምነቶምን ካብ ጥንታውነቱ ዘንቢሉን ኣብ ኩሉ ኣምልኾኦም ተቐይሩን እዩ። ሓድሽ ሓሳባት እንዳኣተዎም ከኣ መንፈስ ክርክር ኣትይዎም ይርከብ። እንተ ንስኻ ግን ስለቲ ኣብ ጽሩይ እምነትካ ትነብር ስለዘለኻ ንኣምላኽ ኣመስግን ።

## 5– ብሕይወት ስለ ዘሎኻ ኣመስግን

እዚ ምስቲ ኣብ ጸሎተ ምስጋና ተጻሒፉ ዘሎ ዝሰማማዕ እዩ።( ናብዛ ሰዓት እዚኣ ስለ ዘብጸሓና) ነመስግኖ ዝብል። ሓወይ! ሕይወትካ እግዚኣቢሔር እንተ ደለየ ዝገድፋ እንተ ደለየ ዝወስዳ ንእግዚኣቢሔር ኣብ ኢዱ ዘላ ትሕጃኻ ኢያ ።መዓልቲ መዓልቲ ሰዓት ሰዓት ከኣ የሐድሰልካ ። ስለዚ ነዛ ብሕይወት ዘለናያ

ከነመስግኖ ይግባእ ። እዛ ተዋሂባትካ ዘላ ትሕጃ ድማ፡ ደረጃኻ ዝኾነ መንፈሳዊ ኣበርክቶን ሰናያትን ክትሰርሓላ እሞ፡ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ዘሎ መዝገብካ ምእንቲ ንኽትረኽቦ እዩ።

## ኣብዛ ሕይወት እዚኣ ዕድመ ንንስሓ ዕድል ስለ ዝሃበካ ኣመስግን፡

ኣብ ሓደ መጽሓፍ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡–( ሚልዮናት ሚልዮናት ኣብ ሲኦል ዝርከቡ ሓንቲ ሰዓት ወይ እውን ሓንቲ ደቒቕ ናብዛ ምድሪ ንኽምለሱ እሞ ናብ ኣምላኽ ንሰሓ ከቕርቡ ይምነዩ ግን ከኣ ኣይረኽቡን ። ንውሓቱ ብዘየገድስ ናብ ኣምላኽ ሓጥያቶም ንሰሓ ዘቕርብሉ ጊዜ ይደልዩ ። ብስቡር ልቢ ንሕድገት ሓጥያት ንዕርቅን ብምሕታት፡ እወ ሓንቲ ደቒቕ ከምቲ ተጋዊ ( ዎ ጐይታ ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ ሉቃ 18፤13) ወይ ከኣ ከምቲ የማናይ ሽፍታ (ተዘከረኒ ኦ እግዚኦ "ጐይታ ዘክረኒ ሉቃ 23፤42) ዝብሉላ ጊዜ ይምነዩ ። እግዚኣቢሔር ሕይወትካ ካባኻ ሕጂ ክወስዳ እንተ ዚውስን፡ ድሕሪ ደቓይቕ ካብዚ ዘለኻዮ ዕድመ ቁሩብ ደቓይቕ ንኽትረክብ ተመናዩ ጥራይ ኢኻ ትኸውን። እወ, ከምዚ እትብለላ ጊዜ ትምነ " ዎ ጐይታ ቁሩብ ደቓይቕ ሃበኒ ኵሉ ዘለኒ ሃፍተይ ትሑዝተይን ንድኻታት ዘከፋፍለላ እሞ፡ ኣብ ሰማይ ሃፍቲ ዝእከበላ (ማቴ 6፤19–20 )። ዎ ጐይታ ንኹሎም በደሎም ብዘየገድስ ንዝተበኣስክዎም

ክዕረቐምን፡ ኣብ ብርኮም ደኒነ ክልምኖምን ቅሩብ ደቓይቕ ሃበኒ። እወ ጐይታ ቅሩብ ደቓይቕ ንኹሉ ሓጥያተይ ብዝርዝር ዝናዘዘለን፡ ዋላ ስለቲ ብሕፍረት ዝሓባእክዎ፡ ስለቲ ኣብ ልሳነይ ተሓቢኡ ንምዝራቡ ዘይተባዕኮሉ ሓጥያተይ፡ ማዕጾ ከይተዓጸወ እንከሎ ከምተን ሓሙሽተ ዓያሹ ደናግል ኣብ ኣፍ ደገ ማዕጾ ጠጠው ከይብል ብዘይ ሕፍረት መፍትሒ ክረኽበሉ ( ማቴ 25፤ 10–12)" እናበልካ እትጽልየለን ደቓይቕ ኢኻ እትልምን።

## ስለ ምንታይ ደኣ ስለ ዝተዋህበካ ነዊሕ ናይ ንሰሓ ሕይወት ዘይተመስግን፤

ስለ እዘን ኣብ ዕድመኻ ተዋሂበናኻ ዘለዋ መዓልታት ስለምንታይ ዘይተመስግን፤ በኣታተን ጌርካ ንኣምላኽ ዘስምርን ንሰባት ባህ ዘብል ብዙሕ ነገር ክትሰርሓለን እሞ፡ ብእኡ ከኣ መንግስቲ ኣምላኽ ክትረብሓለን ትኽእል፡ ክትንሰሐለንን መንፈሳዊ ሕይወት ክትነብረለንን ከኣ ትኽእል ። ንእግዚኣቢሔር ገንዘባዊ ሃፍቲ፡ ወይ ደረጃ ስልጣን፡ እንተ ረኺብካ ጥራይ ንኣምላኽ እተመስግን እንተኾይንካ፡ እዚ ገንዘብን መዓርግን ንጥፍኣትካ እንተ ኾነ እሞ መንግስቲ ሰማይ ዘስእነካ እንተኾነ እንታይ ትፈልጦ ኣለካ፤

## 6- ዝተዳለወ ሃይማኖት (ቤት እምነት) ስለዘለካ ንኣምላኽ ኣመስግኖ፡

ንምጥማቕካ ዝግደሱ ኣቦታት፡ መንገዲ ኣምላኽ ዝምህሩኻ ሰባኺያን፡ ኣብ ቤት ክርስትያን ንኣገልግሎት ዝግደሱልካ መማህራን ስለ ዝሃበካ ፡ መንፈሳዊ መጻሕፍቲ ብምድላው ፡ መንፈሳዊ ጠባይን ኣካይዳን ከተጥሪ እትጽዕር ቤት ክርስትያን ስለ ዝተዋህበትካ ኣመስግን ። እወ ኣመስግን ምኽንያቱ ካብኡ ንኽትመሃር ኣብነታውያን ኣብ መገድኻ ስለ ዝለኣኸልካ ።

(ሕጂ ኣብ ቤት ክርስትያን ብምህላውካ ኣመስግን) ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ይርከቡ ፡ ካብ ድሕነት ነፍሶም ምብኳሮም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈላለየ ሓጥያት ተጸሚዶም ይርከቡ ምህላዎም ዘሕዝን ኢዩ። ንስኻትኩም ግና ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ብምህላውኩም፡ ቤት ክርስትያን ክፋል ሕይወትኩም ስለ ዝኾነትን ካብኣ ምፍላይ ዘይከኣለኩም ስለ ዝኾንኩምን ንኣምላኽ ኣመስግንዎ። እዚ ጸጋ እግዚኣቢሔር ኣብ ልዕሌኹም እንተ ዘይነብር፡ ከምኡ ኣይምኾነን ። እሞ መን ኣሎ ካባኹም ኣምላኽ ኣብ ቤቱ ስለዝሓቖፎን ዘንበሮን ንኣምላኽ ዘመስግኖ ፧

## ናብ ቤቱ ንምምጻእን ምስ ደቃ ሕብረት ክህልወካን ዝኾነ መሰናኽል ስለዘይተረኽበን ንኣምላኽ ኣመስግኖ፡

ናብ ቤት ክርስትያን ንኸይመጽኡ ብዙሕ ምኽንያታት

መሰናኽላት ዘጋጥሞም ብዙሓት ኣለዉ። ኩነታት ስርሖም ምስ ናይ ቤት ክርስትያን ሰዓታት ዘይሰማማዕ ክኸውን ይኽእል፡ ወይ ከኣ ኩነታት ጥዕነኦም ዘየፍቅደሎም ይኸውን፡ ወይ እውን ዝነብሩላ ቁሸት ቤት ክርስትያን ኣይህልዋን ወዘተረፈ። ንስኻ ግን ካብዚ ኵሉ ዓይነት ዝኽልክለካ ነገር ስለ ዘይተረኽበ ንኣምላኽ ኣመስግኖ ።

## (ምስ ደቁ ብሕብረት መንፈሳዊ ሓይሊ ስለ ዝሃበካ ኣመስግኖ)

ምስኣታቶም ብምሕባር ሓድሕድ ብመንፈሳዊ ብምትህንናጽ ንቕድሚት የሰጉሙኻ። ዘይቅዱስ ጠባይ ኣብ እትገብረሉ፡ እቲ ጽቡቕ ግብሮም ብምርኣይ ብግብርኻ ትሓፍር፡ በዚ ከኣ ናብ ቅኑዕ ትምራሕን ምስ ቤት ክርስትያን ትተኣሳሰርን። ብምሕዝነቶም ከኣ ንጹሕ መንፈሳዊ ምሕዝነት ትረክብን ስምዒታትካ ይጸግብን ። መጽሓፍ ቅዱስ እውን ከምዚ እዩ ዚብል፡ – (ብጻዕሮም ጽቡቕ ጻማ ስለ ዘለዎም፡ እንተ ወደቑ፡ እቲ ሓደ ንብጻዩ የተንስኦ እዩ እሞ፡ ካብ ሓደስ ክልተ ምኺን ይሐይሽ። እቲ በይኑ ዘሎ ግና እንተ ወደቐ፡ ዜተንስኦ የብሉን እዩ እሞ፡ ወይለኡ (መክ 4፤9-10)።

እሞ’ኸ ደኣ ስለ መንፈሳዊ ምሕዝነት ከነመስግን ቅኑዕ ዶ ኣይኮነን ፤ ኵሉ መንፈሳዊ መሓዛኻ ልክዕ ከም’ቲ መንፈሳዊ ኣቦኻ ን ናይ መንፈሳዊ መኻሪኻን፡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትካ

ዘጽነዓካን፡ ብምሕዝነቱ ውሽጣዊ መንፈሳዊ ዕብየትን ዝህበካ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልካዮ ሃፍትኻ እዩ ።ስለዚ ስለቶም ኣብ መገድኻ ዘቐመጠልካ እሞ ዝረባሕካሎም፡ ንሱ እዩ ኣዳሊውዎምን ናባኻ ሊኢኹዎምን እሞ ኣመስግኖ ።

## ካብ ናይ ምስጋና ሕይወት ዕድላት

## 7- ከም ግብርና ስለ ዘይፈድየና ነመስግኖ

እዚ ከኣ ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ተጠቒሱ ዘሎ ማለት እዩ፡-

እግዚኣብሄር ርሕሩሕን መሓርን እዩ፣ ንቑጣ ደንጓዪ፣ ብሳህሊ ድማ ምሉእ እዩ።
ኲሉ ጊዜ ኣይገንሕን፣ ንዘለኣለም ከኣ ኣይቅየምን እዩ። ከም መጠን ሓጢኣትና ኣይገብረናን፣ ከም መጠን ኣበሳና ድማ ኣይፈድየናን እዩ። ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል፣ ከምኡ ምሕረቱ ናብቶም ዚፈርህዎ ይስልጥን። ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ። ከምቲ ወላዲ ንውሉዱ ዚርሕርሓሎም፣ ከምኡ እግዚኣብሄር ንዚፈርህዎ ይርሕርሓሎም እዩ። ፍጥረትና ይፈልጥ እዩ እሞ፣ ሓመድ ምዃንና ይዝክር እዩ (ዳዊት 103፣8–14)።

ስለዚ ከኣ ኢና ኣብ ጸሎታትና (ዎ ጐይታ ከም ምሕረትካ ደኣ እምበር ከም ኣበሳና ኣይኹን) እንብል። እቲ ዘገርም ግን እግዚኣቢሔር ካብኡ ንላዕሊ እዩ ዝገብረልና።

## ዝግበኣና ዘይምፍራዱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሰናይ ነገር እውን ይገብረልና "

ክንደይ ጊዜ እዩ እስከ ኣብ ሓጥያት ኣብ እንወድቀሉ ናብኡ ዝጽወዓናን ንሱ ከኣ ዝሰምዓናን፤ እሞ ከኣ ሓንቲ ኣበሳ ከም ዘይገበርናን ትእዛዙ ከም ዘይጠሓስናን ብምሉእ ፍቕሩን ርህራሄኡን ከየሕፈረ ዝምልሰልናን፡ ከምኡ እውን ነቲ ኩፉእ ግብርና ጠቕሊሉ ረሲዑ ብሰናይ ይልውጠልና፡ እሞ ብዛዕባ እዚ ከነመስግኖ ኣይግባእን ዶ፤ ሓጥያቱ ዘስተንተነ ሰብ ክሳብ ክንደይ ኣጻያፊ ምንባሩ እንክሓስብ፡ ፍቕርን ለውሃትን እግዚኣቢሔር ኣብ ልዕሌኡ ዝተገብረሉ ምስ ረኣየ፡ከምኡ'ውን ስለቲ ዝሰርሖ ኣብ ቅድሚ እቲ ጻድቕ ፈራዲ ናጻ ብኺኑ ፡እቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ኣንነት ከመይ ኣቢሉ ክቕጽል ይኽእል ፤

## ካብ ሓጥያትካ ሓጥያቶም ኣዚዩ ዚነኣሰ፡ ግን ከኣ ኣዚዩ ብርቱዕ ፍርዲ ዝተቐበሉ ኣለዉ። ብዙሕን ዝተፈላለየን ኣብነት ንውሰድ፡

ሃናንያን ሰጲራን ካብቲ ከረክብዎ ዝግበኦም ገንዘብ ገለ ክፋል ስለዘትረፉ ጥራይ፡ ብሞት ተቐጽዑ ንንሰሓ ዝኸውን ዕድል እኳ

ኣይተዋህቦምን ። ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግን ክንደይ ሰባት፡ መዓልታውን ቀጻልን ይሕስዉ፡ ንካህናት ንሊቀ ካህናት ይሕስዉ፡ ኣምላኽ ግን ካብ ፍርዲ ምሃብ ይዕገስ ኣሎ ። ስለዚ ንነፍስኻ መርምር እሞ ንእግዚኣቢሔር ኣመስግን። ጐይታና ክርስቶስ እውን ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡ – " ንሓዉ፡ ኣታ ዓሻ፡ ዚብሎ'ውን ንገሃነም ሓዊ ኺፍረዶ እዩ፡ እብለኩም እሎኹ።"( ማቴ5፧23)

እሞ እስኪ ክንደይ ካባና ነዚ ቃል ወይ ከምኡ ተመሳሳሊ ቃል ዘይደጋገምና ግን ከኣ፡ ዝተናዘዝናሉ እሞ ምሕረት ኣምላኽ ዝረኸብና እምበር፡ ናይ ገሃነም ሓዊ ዘይበለዓና፧ ንጉስ ሄሮዶስ ሰባት "እዚ ኣምላኽ እዩ እምበር ሰብ ኣይኮነን " ኢሎም ምስ ኣኽበርዎ፡ ስቕ ብምባሉ ንኣምላኽ ክብሪ ብዘይ ምሃቡ፡ ንእለት መልኣኽ እግዚኣቢሔር ወቕዖ እሞ ሞተን ሓሰኻ በለዖን። ( ግብ 12፧22–23) ንሕና እውን ሰባት ክብሪ ክህቡና ስቕ ዝበልናን፡ እግዚኣቢሔር ዝተዓገሰናን ብዙሓት ኢና፡ ስለዚ ንኣምላኽ ስለ ትዕግስቱ ነመስግኖ!

## ካህን ዘካርያስ, ብሰንኪ እርግናኡ ቆልዓ ክወልድ ስለ ዝተጠራጠረ ጥራይ ኣምላኽ ክሳብ ዕለተ ልደት ትሽዓተ ኣዋርሕ ዓባስ ጌሩ ቀጺዕዎ እዩ።

ንሕና ግን ካብ ናይ ዘካርያስ ካህን ዝኸፈአ ሓጥያት እንዳሰራሕና እንከለና ኣይተቐጻዕናን ። እሞ ኸ ደኣ ኣምላኽ ንኹሉ ዘዝገበርናዮ ሓጥያት ከም ግብርና በቲ ርትዓዊ ፍርዲ ስለዘይፈረደና ከነመስግን ኣይግባእን ዶ፧ እስኪ ነፍስ ወከፍ መዓልቲ ኮነ ሰዓት እንፍጽሞ ሓጥያትና ንጸብጽቦ፡ ምስዚ ኩሉ ኸኣ፡ ኢድ ኣምላኽ ብዘደንቕ ትዕግስቲን ዓቕልን ናብ ንሰሓ ንኸንበጽሕ ትዕገሰናን ትመርሓናን ኣላ።

## ስለዚ ስለቲ ዘደንቕ ተጻዋርነቱ ንኣምላኽ ከነመስግን ይግባእ።

ደቂ ሰባት ዋላ ንባዕሎም እኳ ንጌጋ ዝተቓልዑ እንከለዉ፡ ኣብ ውሑድ እውን ኣይጻወሩናን እዮም ።እቲ በዓል ምሉእ ቅድስናን ሕያውነትን ቅኑዕን ኣምላኽ ግና፡ ስለቲ መዓልታዊ ዝደጋገምን ሓደገይኛን ኩፉእ እንገብሮ ተግባርና ይጻወረና ። ምስ እዚ ኩሉ ግን ኣይነመስግኖን። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ እውን፡ ካብቲ ንሕና ኣብ ኣምላኽ እንሰርሖ ሓጥያት እሞ ዝጻወረና፡ ኣዚዩ ንዝወሓደ በደል ንኻልኦት ኣይንጻወርን ።እግዚኣቢሔር ግና ኩሉ ሰብ ኣብ ኩሉ ሃገራት፡ ኩሉ ጊዜ ዝሓለፈን ዘሎን ዝመጽእን ዝስራሕ ሓጥያት እዩ ዝጻወር ። እወ ንዓለምና ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ናይ ኖህ ዘመን ብማይ፡ ናይ ሎጥ ዘመን ብሓውን ዲንን ኣይቀጽዕን።

ምስ እዚ ኵሉ ግን ኣይነመስግንን!! እምበኣር ሕጂ ተምበርኪኽካ ከምዚ በሎ፡- (“ዎ ጐይታ ስለ ዘተጻወርካንን ጌናውን ትጻወረኒ ስለ ዘለኻን፡ ብዘይ ምምስጋነይ እውን ስለ ዝተጻወርካንን ኣመስግነካ ኣለኹ)” ዎ ኣምላኽ፣ ጽድቅኻ ኽሳዕ ላዕሊ ይበጽሕ፣ ኣታ፣ ዓበይቲ ግብርታት ዝገበርካ ኣምላኽ፣ መን ይመዓራረየካ፧( መዝ 71፥19)። ኣብ ስራሕ እግዚኣቢሔር ምስትንታን ንዓኻ ይኹን ንኻልኦት ሰባት ጽቡቕ ነገር እዩ ። ኣብ መንነቱ ምስትንታን እውን ጽቡቕ እዩ፡ ምኽንያቱ የህፍትመካ እሞ ከተመስግኖ ከኣ ይገብረካ። ርህሩህ፡ ለጋስ፡ ፈቃር፡ ሓዳግ፡ ዕጉስ፡ ስለ ዝኾነ ተመስግኖ ። ከምኡ’ውን ( ፍጥረትና ስለ ዝፈልጥን ሓመድ ምዃንና ስለ ዝዝክርን መዝ 103፥14 ) ነመስግኖ ።

## 8- ስለ ሰናያቱን ሓለዋኡን እውን ንኣምላኽ ነመስግኖ፡

ስለቲ ኣባኻ፡ ኣብ ፍትዋትካ፡ ኣብ መሓዙትካ፡ ኣብ መቕርብካ፡ ኣብ ፈለጥትኻ፡ ኣብ ኵሉ ሰብን ዝገብሮ ሰናያት ኣመስግኖ ። ኣብ ቤተሰብን ኣብ ቤት ክርስትያንን ኣብ ሃገርን፡ ስለ ኵሉ ሓበራውን ግላውን ሰናያቱ ኣመስግኖ ።

እስኪ ንስኻን ነፍስኻን ኮፍ ኢልካ ካብ ዝተወለድካሉ ጀሚርካ መርምራ፡

ክንደይ ጊዜ እዩ ንኣምላኽ ዘይለመንካዮ እሞ ጸሎትካ ሰሚዑ ልብኻ እትምነዮ ዘይሃበካ፤ ካብ ክንደይ ጸበባ እዩ ዘየድሓነካ፤ ኣብ ክንደይ መርመራታት ንስኻ ጌና ዘይተዳለኻሉ ዝመሰለካ እሞ ዘዐወተካ፤ ካብ ክንደይ ሕማማት ዘይፈወሰካን ወይ ከኣ ከይትሓምም ዝዓቀበካ፤ ክንደይ ጸገማት ዘይፈተሓልካ፤ ክንደይ ጉዳያት እዩ ውጽኢቱ ናብ ረብሓኻ ዘይገበሮ፤ ክንደይ ዝሰራሕካዮ ሓጥያት እዩ ካብ ሰባት ዝሰወረልካ፤ ክንደይ ናይ በረኸት ኣፍ ደገ ኣብ ቅድሜኻ ዘይከፈተልካ፤ ክንደይ ዝሰራሕካዮ ዕዮ ዘየስመረልካ፤ ኣብ ንጥፈታትካን ስራሕካን ክንደይ ጊዜ ዘይነበረ፤ ንኸድሕነካ ኣብ ልዕሊ ካለኦት ክንደይ ጸጋ ዘይሃበካ፤ ካብ ክንደይ ሓጥያት ብጸጋ ዘይተለዓልካ፤ ክንደይ ክንደይ ክንደይ፤

## ዝተገበረልካ ናይ እግዚኣብሔር ሰናይት ምቑጻሩ ይከኣለካ ዶ፤ እሞኸ በዚ ኹሉስ ምስጋና ኣይግበኦን ዶ፤

ንፈተውትኻ ዝተገብረ ሰናያት ተደሚሩ ኰሉ ሓበራዊ ንዓኻ ይኹን ንኻልኦት ክንደይ ክበሃል ። ዋላ እቲ ብዘይ ጸሎትን ልመናን ዝተቐበልካዮ ሰናያት፡ ንሱ ግን ብጸጋኡን ሓልዮቱን ፍቕሩን ፡ ብዘይካ ኣምላኽ ካልእ ክፈትሖ ዘይክእል፡ ንኸይርሳዕ ከኣ እዚ ኰሉ ምዝጉብ እዩ።

# 9- ጥዕና ስለ ዝሃበካ ኣመስግኖ

መን እዩ ካባና ስለ ዝርኢ ጥራይ ንኣምላኽ ዘመስግኖ ፧ ሓሚሙ ምስተሓከመ እሞ ክርኢ ምስ ጀመረ ግን ሽዑ ናይ ምርኣይ ጸጋ ምስተዋህበ ቅድሚ ሕጂ ኣመስጊኑላ ዘይፈልጥ ክንፈር ከመስግን ይጅምር። ከምኡ'ውን መን እዩ ብእግሩ ደልዲሉ ስለ ዝኸደ ዘመስግኖ፧ ገለ መስበርቲ እንተ ኣጋጠሞ እሞ መደገፊ ምርኩስ ምስደለየ እዩ ዝዝክራ። ብእግርና ክንከይድ ስለ ዝኸኣልና ጥራይ እምበኣር ምስጋና ዘድልዮ እዩ። ኣበሃህላ ናይቲ ጠቢብ ሓቂ እዩ ፡

## ጥዕና ኣኽሊል ናይ ኵሉ ርእሲ ኢያ ፡ንጥዕና ከኣ ዝሓመመ ጥራይ እዩ ዝፈልጣ፡

ንሕና እምበኣር ልምድና ምስ ሰኣንናዮ ደኣ እምበር ፡ነቲ ዘለና ነገር ኣይነስተውዕሎን ኣይንሓስቦን ኢና ። ከምኡ'ውን ገለ ክፋል ኣካላትና ምስ ዝጉዳእ እንተ ዘይኮይኑ ክፋል ኣካላትና ጥዑይ ብምህላዉ ኣይነመስግንን። ከስዐና እንተ ሓሚምናን ወይ ብእስተማኮ ምስ ተሸገርና ደኣ እምበር፡ ብግቡእ መግቢ ተሕቅቕ ብምሃላዋ ኣይነመስግንን ፡ እምበኣር ከስዐና መዓልታዊ ስራሓ ተካይድ ስለዘላ ፡ ወይ ብዘይ ቃንዛን ተጠቃሚ መድሃኒትን ብዘይ ብኺናን ንእግዚኣቢሔር ክምስገን ይግባእ። ምኽንያቱ እዚ

ኣባኻ ዘሎ ብዙሓት ዝምነይዎ ግን ዘይረኸብዎ እዩ።

## 10- ከምቲ ጥዕና ሂቡካ እተመስግኖ ኣብ ሕማምካ እውን ኣመስግኖ!

ምኽንያቱ ሕማም ገዛእ ርእሱ እኩይ ኣይኮነን ። ናይ ኣልኣዛር እቲ ምስኪን ታሪኽ እንተ ወሲድና፡– ብሕማም ዝላደየ፡ ኣኽላባት ቁጽሉ ዝልሕስሉ እዩ ዝነበረ፡ ግን እቲ ሕማም ባዕሉ ንእከይ ኣይነበረን ፡ ካብ ኣምላኽ እውን ፈጺሙ ኣይፈለዮን፡ የግዳስ ብኣንጻሩ ንረብሕኡ እዩ ዝነበረ። ኣብ ሕቑፊ ኣብርሃም ምስተጸገዐ ከኣ ከምዚ ተባህለሉ፡– ( ኣብ ምድሪ መከራ ኸም ዝጸገበ፡ ዘከር። ሕጂ ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ፡ ሉቃ 16፤25) ስለዚ እንተ ሓመምካ እኳ ንእግዚኣቢሔር ኣምስግኖ፡ ከመይሲ ናይቲ ዝጸገብካዮ መከራ ናይ ኣልኣዛር ብጽሒት ስለዘህበካ። ብዛዕባ እዚ ቅዱስ ባሲልዮስ ዓቢ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡-

## (ጥዕና ድዩስ ወይ ሕማም እንታይ ከም ዘርበሓካ ኣይትፈልጥን ኢኻ)።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ኣብ ስግኡ ዝወግኦ ግራጭ ክእለየሉ ሰለስተ ጊዜ ምስ ጠረዐ፡ ኣምላኽ ንጸሎቱ እዌታ መልሲ ዘይኮነስ ( ጸጋይ ይኣኽለካ 2ቆረ 12፤8) ዝብል መልሲ እዩ ዝሃቦ።

# ብርግጽ ንሕና ደቂ ሰባት ድኹማት ከም ምዃንና መጠን ጥዕና ኢና እንልምን፡

እንተኾነ እቲ ዘርብሓና እንታይ ምዃኑ ኣይንፈልጥን ኢና። ሕማም ኣብ ምድሪ ከድክመና ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ናብ መንግስቲ ሰማይ ንምእታው ደጋፊ እዩ።ስለዚ እምበኣር ምቕባሉ ሰናይ እዩ። ብኻሊእ ሸነኽ ከኣ፡ ስጋ እምብዛ ኣብ ዝሕይለሉ፡ ብፍላይ ነቲ ብዘይግቡእ ዝጥቀመሉ ጎዳኢ እዩ። እቲ ኣገዳሲ እምበኣር መንፈሳዊ ጥዕና እዩ። ዛንታ ናይ ሓደ በዓል ጸጋ ሓንቲ ውላድ ዝነበረቶ ሰብኣይ ምስ ሓመመት ፡ ናብ ሓደ ቅዱስ ኣቦ መጺኡ ንጓሉ ንኽጽልየላ ይሓቶ እሞ ፡ እቲ ቅዱስ ኣቦ ግን ኣይፈተወን፡ ግዲ ምስ በሎ ግና ጸለየላ እሞ ሓወይት፡ እንተ ኾነ እታ ቆልዓ ምስ ሓወየት ናብ መገዲ ርኽሰትን እከይን ብምኻድ ክብሪ ኣቦኣ ኣዋረደት ። ኣቦኣ ድማ ከም እንደገና ናብቲ ቅዱስ ኣቦ ተመሊሱ ነዛ ሓንቲ ጓሉ ክሳብ ንኽትመውት ከም እተመነየላ ይዝንቶ። ዘገርም ነገር እዩ! ብዙሓት ንሕማም ብዘይካ ቃንዛኡ ካልእ ኣይዝክሩን፡ ኣብ ሕማም ዘሎ በረኸትን ጠቕምን ከይዘከሩ፡ ብኣንጻሩ ግን ብምጭናቕን ብምጉርምራምን ንኣምላኽ ( ዎ ኣምላኽ እዚ ኵሉ ስለምንታይ ገበርካኒ፧) ብምባል ይኸስዎ፡ ንስኻ ግና ከምኡም ኣይትኹን።እንታይ ደኣ፧

# ኣብ ጊዜ ሕማምካ ውጽኢቱ በረኸት ከም ዝረኸብካ ቆጺርካ ንኣምላኽ ኣመስግኖ ።

ከምዚ በሎ፡ ዎ ኣምላኽ ስለዚ ሕማም እዚ ብዕምቆት ክጽሊ ዕድል ስለዝገበርካለይ፡ ወይ እውን ንንሰሓ ዕድል ስለ ዝሃብካኒ፡ ከምኡ ከኣ ትሕትናን ስቡር ልቢ ንኸጥሪ ስለ ዝሓገዝካንን ኣመስግነካ ኣለኹ። እወ ኣመስግነካ ኣለኹ ፡እዚ ናይ ሕማመይ ጊዜ፡ ኣብ ዓራተይ ናይ ትምህርቲ ጽቡቕ ጊዜ እየ ኣሕሊፈሉ ። ንዓይ ከኣ ግዴታን ነፍሰይ ዝምርምረላን ንዓኻ ሱባኤ ዝኣተኹላን ኢያ።

ከምኡ’ውን ነመስግኖ ምኽንያቱ፡ –ሰቲሩናን ረዲኡናን ዓቂቡናን ተቐቢሉናን ራኅሪኁልናን ደጊፉናን ክሳዕ እዛ ሰዓት እዚኣ እውን ኣብጺሑናን እዩ።

ቤት ክርስትያንና እምበኣር ኣብ ጸሎት ሸውዓተ ሰዓትት ( ኣጅቢያ) ደጋጊምና እንጽልዮ ከምኡ ኢያ ትምህረና። ንነፍስ ወከፍ ናይዛ ጸሎት ዘስተንትን ካብ 1964 ኣትሒዙ ዝተሓትመ መጽሓፍ ኣብዚ መርበብ ስለዘሎ ንምርካቡ ይከኣል እዩ።

# ተወሰኽቲ ናይ ምስጋና ዕድላት

## ስለ እቲ እትርእዮን ዘይትርእዮን ሰናይ እውን ኣመስግን!

እዚ ማለት፡ ስለቲ ብዓይንኻን ብእምነትካን እትርእዮ ምምስጋን ማለት’ዩ ። ጐይታ ባዕሉ ዝኣዘዘና ብሕቡእ ክንምጽውት እሞ፡ ንሱ ንሕቡእ ዝርኢ ጐይታ ከኣ ብግሁድ ዓስብና ከም ዝህበና ማለት’ዩ ( ማቴ 6፤4–6)። ከምኡ ከኣ ጐይታ ንባዕሉ ንዓና ብሕቡእ ዝገብሮ ብዙሕ ሰናይት ስለዘሎ ብግሁድ ከነምስግኖ ይግባእ።

ካብዚ ብዙሕ ሰናያት ሎሚ ነስተማቕሮ ዘለና ሰናያት፡ እግዚኣቢሔር ካብ ነዊሕ ዓመታት ንዓና ኣዳልይዎ ዝጸነሐ እዩ፡ ንሕና ግን ብዛዕባኡ ኣፍልጦ ኣይነበረናን ።

ሕጂ’ውን ጌና ውጽኢቱ ኣብ ቀጻሊ እንርእዩ ብዙሕ ሰናይ ነገር የዳልወልና ስለ ዘሎ ምስጋና ክንህበሉ ይግባእ ። ንሱ ንስለና ሎምን ኵሉ ጊዜን ዘይንርእዮ ሰናያት እንዳገበረ እዩ። እንተ እቲ ኵሉ ንሕና እንገብሮ ጽቡቕ ነገር ግና፡ ኢድ እግዚኣቢሔር ዘላቶ እዩ ። ከምኡ እንተ ዘይከውን ነይሩ፡ ጠቕሊልና ሰናይ ነገር ንምስራሕ ኣይምተኻእለናን ነይሩ። መጽሓፍ ቅዱስ’ከ ከምኡዶ

ኣይኮነን ዝበለና ፧ ( ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም ።ዮሓ 15፤5) እቲ ኣባናን ብኣናን ዝዓዪ እምበኣር ንሱ እዩ። እነሆ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ በለ ( ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ ። ፊሊ 2፤13 ) ንሕና ገለ ሰናይ ጥራይ ክንገብር ክንሓስብ ከሎና፡ ኣምላኽ ቀሊል ይገብሮን የስልጠልናን። እምበኣር እዛ ናይ ሰናይ ድሌት ተበግሶ ካብኡ ኢና ንረኽባ ዘለና እሞ ክብሪ ክንህቦን ከነመስግኖን ይግባእ ።

## 11- ካብዚ ብምብጋስ ስለ'ታ ኣባና ኮይና ትዓዪ ዘላ ጸጋ ምስጋና ንህብ።

ጸጋ ካብቲ ንእግዚኣቢሔር ከነመስግን መሰረታዊት ባእታ ጌርና ከነቐምጣ ይግባእ ።ነዚ ንኸብርሃልና ቅዱስ ጳውሎስ፡ ( እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኵላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጻዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ኸንቱ ኣይኰነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን። 1ቈረ 15፤10) በለ። እሞ ኸ ደኣ ፍቑራተይ፡ ስለ'ዛ ኣባና ኮይና እትዓዪ ዘላ ጸጋ እግዚኣቢሔር፡ ኣምላኽ ካባና ምስጋና ክቕበል ኣይበቅዕን ዶ ትብሉ፧

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወትና ስለ ዝሓበረ ነመስግን። እዛ በረኸት እዚኣ ገለ ካብተን ንዓና ዝተለገሰት ውህብቶ ኢያ ( 2ቈረ 13፤14) መሕደሪ መንፈስ ቅዱስ ብምዃንና ነመስግኖ ፡ ከምቲ እቲ ሓዋርያ ዝበሎ ( ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 1ቈረ 3፤16) እዚ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ከኣ እዩ ብዛዕባ ሓጥያት ዝረትዓና ( ዮሓ 16፤8)። ንሱ እዩ እውን ኵሉ ነገር ዝምህረና ( ዮሓ 14፤26)። ናብ ኵሉ ቅኑዕ ዝመርሓና እውን እዚ መንፈስ እዚ እዩ። ( ዮሓ 16፤13) ኣብ ኵሉ ጉዳይ ንስለ ስም ጐይታ ብትብዓት ንኽንምስክር ሓይሊ ዝህበና እውን ንሱ እዩ።( ግብ 1፤8) ንሕና ከኣ እዚ መንፈስ ኣባና ስለ ዝዓዮ ኵሉ ሰናይ ዕዮታት፡ ነመስግኖ ።

## ዝኾነ ሰናይ ነገር እንተ ሰራሕና እምበኣር፡ ብኣና ጌሩ ኣምላኽ ዝሰረሖ ስራሕ ስለዝኾነ ንኣምላኽና ነመስግኖ።

እቲ ዝዓበየ ጌጋ፡ ገለ ሰናይ ወይ ብሉጽ ነገር ኣብ እንሰርሓሉ እዋን፡ ንኣምላኽ ምምስጋንን ክብሪ ምሃብን ተሪፉናስ፡ ብሓይልናን ብብርታዔናን ከም ዝገበርናዮ ንገዛእ ርእስና ክንሕበንን ከነመጉስ እንከሎና እዩ። እዚ ትምክሕቲ እዚ፡ ዋላ እኳ ኣብ ዓይንና ጻድቃናት ኮይኑ እንተ ተሰመዓና፡ ጺጋ ካብ

እግዚኣቢሔር ንኸይንቕበል ካብ ዝገብረና ዓቢ ምኽንያት እዩ።( ኢዮ 32፤1) ብኸምዚ ከኣ ንመንፈስ ቅዱስ ነሕዝኖ ። እስኪ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ ንዑ ንዘክር፡ (እቲ ዝምካሕ ብእግዚኣቢሔር ደኣ ይመካሕ! 1ቈረ 1፤31)። ምኽንያቱ ሰናይ ድሌት ድዩ፡ ሓይሊ፡ ፍልጠት ዝህብ ንሱ እዩ፡ ብዘይ ብእኡ ግን ሓንቲ ነገር ምግባር ዝከኣል ኣይኮነን ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ " እቲ ዘለኹዎ ብጸጋ ኣምላኽ እዩ" 1ቈረ 15፤10። እንዳበለስ፡ ንሕና ካብኡ ኣዚና ዝደኸምናን ረዳኢ ኣልቦ ዝኾንናን ሰባት ደኣ እንታይ ንበል ፤ እቲ ኵሉን እንኮን ክንገብሮ ዝግበኣና እምበኣር ፡ ንእግዚኣቢሔር ምምስጋንን ክብሪ ይኹን ተድላ ናብኡ ምምላስን እዩ፡ ሽዑ ጸጋ እግዚኣቢሔር ኣባና ክትዓዝዝን ብዙሕ ፍሬ ክንፈርን ኢና ።

## 12– ካልእ እነመስግኖ ስለቲ ምድሓን (ምብጃው) ዝተገብረልና ውዕለት እዩ።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ክንገልጾ ዝጸናሕና፡ ኣብ ቅድሚኡ ዋጋ ዘይብሉ ካልእ ዓብይን ብሉጽን ለይትን ቀትርን ተተኺልካ ምስጋና ዝግበኦ ባእታ ኣሎ። ንሱ ድማ እቲ ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም ናይ ድሕነትና ዕዮ እዩ ። ብሓቂ እዚ ናይ ቀራንዮ ውዕለት እንተዘይፍጸም ነይሩ፡ ሎሚ ኣይምሃለናን። እስኪ ጐይታና

እየሱስ ምእንታና ዝተሰቕለ፡ ሰብ ኮይኑ ምእንታና ደሙ ዘፍሰሰ ፡ ካባና መን ኮን የመስግኖ ይኸውን፤ ሰናይ ግብርና ኮነ ንሰሓና ናብ ጽድቂ ከብጾሓና ስለ ዘይተኻእሎ፡ ንሱ ሞይቱ ዋጋ ሞትና ኣብ ክንዳና ዝኸፈለ ፡ ካብ ሞት ዘትረፈና ክርስቶስ ፡ ነቲ መስቀል ክርስቶስ ለይትን ቀትርን እንዳዘከረ ዘመስግንስ ካባና መን ይህሉ ይኸውን፤

## ካልእ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ ንሕና ከኣ ብሞቱ (ብኸምኡ፡ ብጸጋኡ፡ ይጸድቁ (ሮሜ 3፤24)። ተባሂሉ ዘሎ ድንቂ ነገር፡ ስለዚ ናይ ነጻ ድሕነትን ጽድቅን ምስጋና ይግብኦ።)

እዚ ድሕነት እዚ ናይ ዝገበርናዮ ጻዕሪ ወይ ከኣ ዘቕረብናዮ ጸሎት ዝተረኸበ ውጽኢት ዘይኮነስ ፡ እግዚኣቢሔር ከም ሰናይ ምኽሩ፡ ንሕና ንዘይግበኣና ስለቲ ዘይድረት ፍቕሩ፡ ጌና ንሕና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞተ ( ሮሜ 5፤8–9) እወ እቲ ጻድቕ ኣብ ክንዲ ሓጥኣን ሞተ ( 1ጴጥ 3፤18) ከመይ ዝበለ ፍቕሪ ምዃኑ እስኪ ነስተብህል! ነዚ ኣብ ቅድሜና ቀጻሊ እንዳ ሰኣልና ቀጻሊ ከነመስግኖ ኣይግባኣናንዶ፤

ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና፡ ንኸይንርስዖ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽንብላት ተዘኻኽረና ኢያ። ዓመት መጸ ሰሙነ ሕማማት ፤ ዓርቢ ስቕለት ብምስራዕ፡ ውዕለት መስቀሉ ንኸይንርስዕ ዓሙቕ

ነቲ ዕለት ዘዘኻኽር መዲባ ከነመስግን ትገብረና ኢያ። እዚ ናይ ዓመታዊ ዝኽሪ ጥራይ ግን እኹል ድዩ፧ ኣይፋሉን። እሞ ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና እንታይ ካልእ ተወሳኺ ዝገበረቶ ደኣ ኣሎ፧ ረሳዕቲ ደኣ ኮይንና እምበር፡ ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና ነፍስ ወከፍ ዓርቢ ንስቕለት ጐይታ ንምዝካር ብምባል፡ ጾም ክንጸሞ ሰሪዓትልና ኢያ። እዚ ሰሙናዊ ምዝካር ጥራይ ከ እኹል ማለት ድዩ፧ ሕጂ'ውን ኣይፋሉን ። ተወሳኺ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ናይ ሻድሻይቲ ሰዓት ናይ ድሕሪ ቀትሪ ነዚ ዓቢ ናይ ድሕነት ውዕለት ንኽንዝክረላ እሞ ብምስጋና ክንመልእ ሰሪዓትልና ኢያ።

## 13–እግዚኣቢሔር ንኽንፈልጦ መሰል ስለ ዝሃበና ከኣ ነመስግኖ ኢና ።

ኣቦና ካህን ኣብ (ቅዳሰ ጎርጎርዮስ) ክጽሊ እንከሎ ከምዚ ይብል " ( ንኽፈልጠካ ኣእምሮ ሃበኒ) ቀጺሉ ከኣ ይብል፡ –( ንኽፈልጠካ ዝድግፈኒ ሕግኻ ሊኢኽካለይ) ይብል ። እሞ ኸ ንሕና ስለ ዝተቐበልናዮ ናብ ብስራት ወንጌል ጥዑም ዜና ናይ መጽሓፍ ቅዱስን ካብ ናይ ኣምላኽ ሓሳብን ግብሩን፡ ምስ ደቂ ሰባት ዘለዎ ርክብን ቅዱስ መግለጺታቱን ነመስግኖ ዶ ንህሉ፧ ኣብ ቤት ክርስትያን ገድሊ ናይ ሓደ ቅዱስ ተነቢቡልና፡ንስሌኡ ውዳሴ ነቅርብ ኢና። እወ ምኽንያቱ ብጠቓሚ ትምህርትታቱ

ኣዒንቲ ልብና  ስለ ዝኸፈተልና። እሞ’ኸ ደኣ ስለቲ ኵሉ ቅዱሳን ኣቦታትና ነብያት፡ ሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ጽሒፎም ዝገደፉልና ኣጽዋር ቤት ክርስትያንና፡ ትእዛዛትን ሕግን ትንቢታትን ( 2ጴጥ 1፤21) ክሳብ ክንደይ ከነመስግነሉ ዘይግበኣና፧

## ንእግዚኣቢሔር ብመጽሓፉ ፈሊጥናዮ ብወዱ ድማ ርኢናዮ!

ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፡ ንሱ ኣግሃዶ።( ዮሓ 1፤18) ብእኡ ንኣቦ ፈሊጥናዮ ፡ ንሱ ባዕሉ ንኣቦ ከምዚ ኢልዎ ኣሎ"( ጻድቕ ኣቦይ፡ ዓለም ኣይፈለጠትካን፡ ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣሎኹ። እዚኣቶምውን ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ፈሊጦም ኣለዉ። እታ ብእኣ ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ ኣባታቶም ምእንቲ ኽትከውን ኣነውን ኣባታቶም፡ ስምካ ኣፍሊጠዮም ኣሎኹ ኽፍልጦምውን እየ (ዮሓ 17፤25–26)።

## ንዕኡን ንመንገዱን ንኽንፈልጦ ዝሃበና ጐይታ ብሩኽ እዩ።

ትእዛዛቱን ትምህርቱን፡  ከምኡ’ውን እቲ ብግዲ ክኸውን ዘለዎ ነገራትን ንኽንፈልጥ ስለ ዝሃበና፡ ሓሳብ ናይ ሰማያውያን መላእኽቲ ስነ መሎኮት ክንፈልጥን፡  በዚ ፍልጠት እዚ ኣቢልና

ከኣ ካብ ምድራዊ ሓሳብ ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ስለ ዘልዓለና ነመስግኖ።

## 14- ከምኡ’ውን ቃል ስለ ዝኣተወልና ነመስግኖ !

እወ ስለቲ ኣብታ ሰማያዊት ኢዮርሳሌም፡ መንበሪ ኣምላኽ ምስ ደቂ ሰብ ከም ዝገብር ዚኣተወልና ቃል ከነመስግኖ ሰናይ እዩ። ( ራኢ 21፤2–3) ከምኡ’ውን ስለቲ ከምዚ እንዳ በለ ዝኣተወልና ቃል (" ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳለኹልኩም፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትኮኑስ፡ ተመሊሰ ኽመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ።(ዮሓ 14፤3) ካልእ ኣዚዩ ብሉጽን ኪንዮ ኣእምሮን ዝኾነ ነገር ክህበና ቃል ኣትዩልና ኣሎ። ከምዚ ይብል ( ግናኸ ከምቲ ጽሑፍ፡ እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሐስበ፡ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳለወሎም፡ ዚብል፡(1ቈረ 2፤9) መኣስ እዚ ጥራይ! ኣብ ዝፋኑን ኣቦኡ ምስኡ ኮፍ ከብለና እውን እምበር፡ ( ራኢ 3፤21) ) ካብቲ ሕቡእ መናን ካብታ ኦም ሕይወትን ከም ንበለዕ ከኣ እባ ቃል ኣትዩልና ኣሎ።( ራኢ 2፤ 17) እሞ ኸ ደኣ ፍቑራተይ ነዚ ፈቃር ጐይታ ስለዚ ኵሉ ምስጋና ኣይግባእን’ዶ፤

## እዚ ዝረኣናዮ መብጸዓ ኣብ መወዳእታ ዘመን ዝፍጸም እዩ፡ ካልእ ግን ዋላ ኣብዛ ምድሪ እውን ቃል ኣትዩልና እዩ።

ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምሳና ከም ዝኸውንን ከም ዘይፍለየናን ቃል ኣትዩልና እዩ እሞ ነመስግኖ። ( ማቴ 18፤20) ። ስለዚ ከኣ በለና ( ክልተ ወይ ሰለስተ ኹይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከቡሉ ኣነ ኸኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም እየ።) ከም ዝዕቅበና ቃል ዝኣተወልና ነመስግኖ ። ከምዚ ከኣ ይብል፡–( ጸጉሪ ርእስኹም ኵለን እኳ ቑጹራት እየን።( ማቴ 10፤30) ( "እንሆ፡ ኣብ ኢደይ ወቒጠኪ ኣሎኹ። ( ኢሳ 49፤16) ዝበሎ ረዚን ቃል እዩ።

## 15–ፍቑራት ደቁ ጌሩ ስለ ዝተቐበለና ነመስግኖ

ዮሓንስ ፍቑር ነዚ ከም’ዚ ክብል ይገልጾ፡ (ርኣዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ክንብሀል፡ እቲ ኣቦ ኸመይ ዝበለ ፍቕሪ ሀበና፡ ከምኡውን ኢና) ጐይታ እንታይ ኢልና ከም እንጽልይ ክምህረና እንከሎ እውን፡ (ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ማቴ 6፤9) ብምባል እዩ። ቀጺሉ እውን፡ (ባርያስ ጐይታኡ ዚገብሮ ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ደጊም ባሮት ኣይብለኩምን እየ። ዮሓ 15፤15) እንታይ ደኣስ ወገነይ ናተይ ኢሉና እዩ ( ነቶም ዘፍቀሮም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ናቱ

ኽሳዕ መወዳእታ ኣፍቀሮም።( ዮሓ 13፤1) ስለዚ ነመስግኖ ። ካልእ ከነመስግነሉ ዝግበኣና ምኽንያት፡-

## ኣብ ሞንጎና ዘሎ ምሕዝነት፡– ብጉንድን ጨንፈርን፡ ብኣካላትን ርእስን ፡ብመርዓትን መርዓውን መሲሉና እዩ።

ድማ በለ( እተ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዝፈሪ። ዮሓ 15፤5) ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባኡ ምስ ቤት ክርስትያን ኣዛሚዱ ዝበሎ ከኣ (ንሳ ኸኣ ስጋኡ ናይቲ ዂሉ ኣብ ኵሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ። ኤፌ 1፤23) ከምኡ ከኣ ( ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ፡ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቲ እዩ። ኤፌ 5፤23) ካብዚ ኣዚዩ ዝበለጸ ግን ንሕና ንክርስቶስ ኣካላት ስጋኡ ምኧና እዩ ( ኤፌ 5፤30) ቤት ክርስትያን መርዓት ክርስቶስ ምኧና ክገልጽ እንከሎ ከኣ " እዚ ምስጢር ዓቢ እዩ" ብምባል ደምደመ ። (ኤፌ 5÷32) ዮሓ 3፤29)።

## ርክብና ምስ እግዚኣቢሔር ኣብ ፍቕሪ እምበር ኣብ ፍርሂ ስለ ዘይተመስረተ ነመስግን።

ቀዳመይቲ ትእዛዝ እንተ ተመልኪትና “ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅር፡" እትብል ኢያ። ፍቁረ እዝጊ ቅዱስ ዮሓንስ ዝበሎ ከኣ ( ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ኪኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ (1ዮሓ 4፤10)። ውርድ ኢሉ ከኣ (ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኣሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር። ፍርሃትሲ ስቓይ እያ እተምጽእ፡ እቲ ዚፈርህ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኰነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ እምበር፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን። (1ዮሓ 4፡16-18) ስለዚ ነዚ ከየፍቀርናዮ ዘፍቀረና ኣምላኽ ነመስግኖ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ምስ ምስጋና ዝተሓሓዝ ስነ-ምግባር

## ቅንዕና ኣብ እምነት ምስ ምስጋና ዘለዎ ምትእስሳር "!

እዚ ማለት ከኣ እምነት ኣብ ኣምላኽ ማለተይ እየ፡ ብዘይከኣ ፈጺምና ናብ ናይ ምስጋና ሕይወት ክንበጽሕ ዘይከኣል እዩ።

## እምነትና ኣብ ኣምላኽ ከም ገባሪ ሰናያትን መፍቀሪ ሰብን!

ንሱ ንዓኻ ከም ሰብ ካብቲ ንስኻ ንነፍስኻ እተፍቅራ ንላዕሊ እዩ ዘፍቅረካን ካብቲ ንስኻ ንነፍስኻ እትግደሰላ ንላዕሊ ድማ ይግደሰልካ። ንሱ ጌና ከይለመንካዮ እንከለኻ ዘድልየካ እንዳሃበ፡ ክብደት በደላትካ ብዘይምጽብጻብ ከምቲ ንደቂ ሰባት ዘድልዮም ብዙሕ ሰናይ ነገር ዝገብረልካን፡ ክገብረልካ ዝኽእልን እዩ።

## ንሱ ንኹሉ ዝቆጻጸርን ዝከታተልን ኣምላኽ ምኳኑ!

እወ ንሱ ( ካብ ኵሉ ክፉእ ይስውረና፡ ንነፍስና ይሕልዋ፡ ምውጻእናን ምእታውናን ከኣ ይሕሉ። መዝ 121) በዚ ከኣ ኣምላኽና ኣብ ደምቤኡ ናጻ ኮይንና እንነብር፡ ንሱ ንኩነታትና እንዳ ተቖጻጸረን ነገራት ናብ ሰናይ እንዳ ኣመዓራረየን ከም ፍቓዱ ዘንብረና፡ በዚ ኵሉ ከነመስግኖን ክንባርኾን ግቡእ እዩ።

# ኣብዚ ግን ንዓለምና ኣዳልዩ ካብ ተጻባእቲ ዋላ ይሓልዋ እምበር፡

ጌና ካብ ሰለስተ ምንጪ ዝብገሱ እኩያት ማለት፡ ካብ ኩፉኣት ሰባት፡ ካብ ድያብሎስ፡ ካብ ነፍስኻ ማለት ካብ ባዕልኻ ዝለዓሉ ሩኻሳት ነገራት ክመጽኡኻ ተኽእሎ ስለዘሎ፡ ብህድኣትን ብምፍራህ ኣምላኽን ረዲኤት ምሕታት የድልየካ እዩ። እግዚኣቢሔር ከኣ ኩሉ ስለዝፈልጥን ዝኽእልን፡ ንኹሉ እኩይ ነገር ካብ ዘዘምጽኦ ብምቁጽጻር፡ ጠጠው የብሎን ካብቲ መዓት ይባልሀካን። ስለዚ እምበኣር ፡ እግዚኣብሔር ስዲ ወይ ደረት ኣልቦ ናጽነት ኣይኮነን ዝህበና፡ ከምኡ እንተዝነብር ኩልና ምጠፋእና እምበር ብሕይወት ኣይምሃለናን።

(እግዚኣብሄር ምሳና እንተ ዘይነብር፣ ሰብ ኪትንስኡና ኸለዉ፣ሓርቖቶም ኣብ ልዕሌና ኺነድድ ከሎ፣ ሽዑ ብሕይወት ከሎና ምወሐጡና፣ መዝ 124።

እግዚኣቢሔር ካብ ክፉኣት ሰባት ክጎድኡኻ ክመጽኡ እንከለዉ

ስለ ዘድሕነካ እምበኣር ንኣምላኽ ኣመስግኖ ( ግብ 18፣10) እዚ እቲ ካብ ብወገን ናይ ሰባት ኲፉእ ነገር እዩ።

## ሰይጣን እውን እንተኾነ ድላዩ ናይ ምግባር ዘይተወሰነ ስልጣን የብሉን!

እግዚኣቢሔር ዘደለይዎ ክገብሩ ናጻ ኣይገድፎምን፡ ከምኡ እንተዝኾኑ ከኣ እሞ ንዓለም ብምልእታ መርከስዋ ነይሮም ። ነዚ መምሃሪ ዝኾነና ንጹር ኣብነት ናይ ጻድቕ ኢዮብ ታሪኽ ብምርኣይ፡ ናይ ሰይጣን ስልጣን ክሳብ ክንደይ ውሱን ምንባሩ የርእየና ። ኣብኡ እንርእዮ ከኣ፡ ሰይጣን ይሓትት፡ እግዚኣቢሔር ከኣ የፍቅድን ይኸልክልን ፡ ግን ከኣ እቲ ፈተና ንረብሓ እዮብ እዩ ዝነበረ (ኢዮ 1፣12 2፣6)።

## ስለዚ እምበኣር፡ ሓይሊ ሰይጣን ስለዝኣሰረልና ንኣምላኽ ነመስግኖ ።

በዚ ጉዳይ እዚ ከኣ ልብና ብሰላም ደኣ ይመልእ እምበር፡ ብሰይጣን ኮነ ካብቶም ንዕኡ ዘገልግሉ ሰባት ኣይንደሃልን ኣይንፈርህን። ስለዚ ኣብ ክንዲ ፍርሒ ናይ ሰላም ጸጋ ስለ ዝተዋህበና ንኣምላኽ ነመስግኖ ። ብምትእምማን ድማ

"(ኣምላኽ ምሳና ኻብ ኾነኸ፡ መን እዩ ዚቃወመና፤ ሮሜ 8፤31) ንብል።

## እዛ እምነት እዚኣ እያ ምኽንያት ምስጋና ዝኾነት እሞ፡ ስለ'ዛ ጸጋ እዚኣ እውን ነመስግን !

እወ እቲ ብእምነት ዝነብር ሰብ፡ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ኩነታት ዘጨንቕ ነገራት ከይተሸበረ ብርግኣት ኣብ ሕቑፊ እግዚኣቢሔር ቀሲኑ ብምስጋና ይድቅስ፡ ከመይሲ ኣዒንቱ ብቐጻሊ ናብ ግብሪ ኣእዳው እግዚኣቢሔር እየን ዝጥምታ ። ምስ ዘማራይ ዳዊት ኮይኑ ድማ ብምሉእ እምነት ፡ – (ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኺድኩ፣ ክፉእ ኣይፈርህን እየ። መዝ 23፤4)ይብል ።

## ብሰብኣዊ ባህርያትና እንተ ጠሚትና ንእምነትና ክጻበኦ ይኽእል እዩ ።

እወ ኣንጻር እምነት ደው ትብል ካብ ምስጋና እውን ተርሕቕ ፣ ብኣንጻሩ ከኣ ሻቑሎትን ምብዓድን ፍርሕን ኣእትያ፡ ካብ እግዚኣቢሔር ዝርከብ ደገፍ ተብንነልካ፡ ከመይሲ ሰብኣዊ ባህርና ጎደሎን ውሱንን ስለዝኾነ ። እቲ ተወሳኺ ምኽንያት

እትርእዮ እቲ ሕጂ ዘሎ ሽግራት እምበር፡ ዝመጽእ መፍትሒኡ ፡ እቲ ሕጂ ዘሎ ቃንዛ እምበር፡ ጽባሕ ዝወልዶ ሓጎስ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ስለዘይብሉ እዩ። ስለዚ እምበኣር ሽግር ምንባር ድኻም ካብ ኮነ፡ ኣብ እምነት ኮይንና ናይቲ ሕጂ ዘሎ ሽግር መፍትሒኡ ብእምነት እንዳ ጠመትና ንኣምላኽ ስብሓት ንሀብ።

## ኣብ ሞንጎ ምርኣይን ምእማንን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ!

ምርኣይ ማለት እቲ ብዓይንኻ እትርእዮ ነገራት ኮይኑ፡ ንዝረአን ዝድህሰስን እንተ ዘይኮይኑ ድማ ምስጋና ዘይምሃብ ማለት እዩ። እምነት ማለት ግን ፡ ነቲ ዘይረአ በረኸት፡ ግን ከኣ ከም ዘሎ ኣሚንካ፡ ብስራሕ ኣምላኽ ብምትእምማን ምስጋና ምሃብ ማለት እዩ።

## (እምነት፡ ነቲ ዓይኒ ዘይትርእዮን ሕልና ዘይትበጽሖን እዩ ዝርኢ!)

ማለት ብጸጋን ብደገፍን እግዚኣቢሔር ንስራሕ እግዚኣቢሔር ይርኢ ። ኣብ ቅድሚት ዘሎ ዕዮ እግዚኣቢሔር ሕጂ ከም ዘሎ ጌሩ ይርኢ እሞ ብእኡ ባህ ይብሎን የመስግንን። ናብ እግዚኣቢሔር ይጥምት እሞ፡ ንሱ ድማ ናብ ልሙዕ ሻኻ ይመርሖን፡ ምውጽኡን ምእታዉን ከኣ ይሕሉ ። ምስቲ ሓዋርያ ኮይኑ ከኣ፡-

## ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና። (ሮሜ 8፤28) ይብል።

ነዛ ጥቕሲ ከተጽንዕዋን ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድሜኹም ክትገብርዋን እሞ ናይ ምስጋና ዓይኒ ማይ ክትኮነልኩም እምነየልኩም። ኣብዛ ጥቕሲ ነቲ ( ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ) ዝብል ኣበሃህላ ኣስተብህልሉ፡ እቶም ንኣምላኽ ዘፍቅርዎን ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ውሽጦም ዝስምዖምን፡ ብደገፉ ዝኣምኑ፡ ኵሉ እግዚኣቢሔር ንዓታቶም ዝገብሮ ግብሪ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መፍቀሪ ሰብ ኣምላኽ ምኳኑን ይኣምኑ። ስለዚ ብደረት ዘይብሉ ሓጎስ ፍሰሃን፡ ቀጻሊ ምስጋናን ምስ ፍቕሪ ኣምላኽ ተሰማሚዖም ይነበሩ። እምነት ብፍቕሪ ንኹሉ ነገር የእምን ( 1ቈረ 13፤7)።

እወ ከውሒ ካብኣ ማይ ክፈልቕ ከም ዝከኣል ይኣምን (ዘጸ 17፤ 6) ከምኡ'ውን ኣምላኽ ንባሕሪ መቒሉ ብሰላም ከሳግሮ ከም ዝኽእል ይኣምን (ዘጸ 4፤31) መና ካብ ሰማይ ከውርደሉ ከም ዝኽእል (ዘጸ 16)።

ብዝበለጸ ከኣ " ኣናብስ ከፍቅሩኻ፡ ነበልባል ሓዊ ሰላም ክህበካ ከም ዝገብር ንእግዚኣቢሔር ከም ዝከኣሎ ይኣምን። (ዳኒ 3፤6) ስለዚ እምነት ናይ ምምስጋንና መሰረት ኢያ።

# ትዕግስቲ ምስ ምስጋና ዘለዋ ርክብ

*ኣብ መንነ ምርኣይን ምእማንን ዘሎ ፍልልይ ናይ ጊዜ ፍልልይ ጥራይ እዩ ።ንስኻ ነቲ ዘይርአ ብናይ ስምዒት ህዋሳትካ ኣሚንካ፡ ነቲ ዘይረኣኻዮ እግዚኣቢሔር ብጋህዲ ነኸርእየካ ጊዜ ትህቦ ኣለኻ ማለት እዩ። ነዚ ከይረኣየ ዝኣመነ ከኣ ብጹእ ተባሂሉሉ ኣሎ (ዮሓ 20፤29)። እምበኣር ብእምነት እግዚኣቢሔር ነቲ ክመጽእ ዝተሓሰበ ከመይ ጌሩ ናብ ሰናይ ከም ዝቕይሮ ብብርሃኑ ክትርኢ ፈትን።

ወዲ ሰብ ግብሪ ኣምላኽ ክርኢ እንተኾይኑ፡ ዕጉስን በዓል ምሉእ ዓቕልን ክኸውን ይግበኦ።

ምኽንያቱ ኣዚዩ ኣድካሚ ዝመስል ተግባር፡ ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ግን መፍትሒ ዝርከቦ ነገራት ስለዘሎ። ምናልባት እውን እቲ ጊዜ ዓቢ ትዕግስቲ ዝሓትት ክኸውን ይኽእል እዩ ። እንተኾነ ወዲ ሰብ ብትዕግስቲ ንኣምላኽ ሓደ መዓልቲ ክፈትሖን ንሰናዩ ክገብሮን ምኳኑ ኣሚኑ ክጽበ ይግባእ።

## ናይ እቲ እሙን ዮሴፍ ኣብነት ንውሰድ!

ከም ባርያ ተሸይጡ፡ ኣፉ ኣይከፈተን፡ ብፍጹም ቅንዕና ከኣ ከም ባርያ የገልግል ነይሩ፡ እንተኾነ ሰበይቲ ጶጢፋር ብሓሶት ከሲሳ ናብ እሱርቤት ክኣቱ ገበረት ። ንሓያሎ ግዝያት

እግዚኣቢሔር ካብ ምንጋፉ ጠጠው ብምባል ንበይኑ ገደፎ ። ይኹን እምበር፡ እግዚኣቢሔር ኣብቲ ምዱብን ምቹእን ጊዜ፡ ካብ እሱርቤት ኣውጺኡ፡ ቀዳማይ ተጸዋዒ ናይ መላእ ግብጺ ደድሕሪ ንጉስ ብምግባር፡ መከራኡ ንሰናያት ቀይርሉ ። ስለዚ እምበኣር እቲ ጉዳይ፡ ጉዳይ እግዚኣቢሔር ይከኣሎ ምኧኑ ምእማንን ምዕጋስን እዩ። ስለዚ ስለ ኵሉ ከኣልነቱ ከነመስግኖ ይግባእ ።

## ካልእ ዛንታ ሞርዶኻይን ሃማንን ኣሎና!

ሃማን ንሞርዶኳይ ነዊሕ ጊዜ ከሸግሮን ከከላብቶን ድሕሪ ምጽንሑ፡ ንኽሰቀለሉ ሓደ ዓቢይ መስቀል ኣዳልይሉ ነበረ ። እዚ ከይኣኽሎ ከኣ ትዕቢቱ ጥርዚ ንምብጻሕ መላእ ህዝቢ እስራኤል ንምጽናት ተላዕለ፡ ኣብ ምቹእ ጊዜ ግን እግዚኣቢሔር ንህዝቢ እስራኤል ንምድሓን ኢዱ ኣእተወ እሞ፡ እቲ ሞርዲካይ ክስቀለሉ ዝተሓሰበ መስቀል ሃማን ተሰቕለሉ (ኣስ 7፤10)።

## ደቕለጥያኖስ ኣብ ልዕሊ ቅድስቲ ቤት ክርስትያንና ዝገበሮ እውን ንርአ!

ብጭካነ እንዳ ፈረደ ደም ብዙሓት ሰማእታትና ኣፈሲሱ እዩ። ኣብ መፈጸምታ ግን፡ እግዚኣብሄር ኣብ ምዱብ ጊዜ ኢዱ ብምእታው፡ ንህዝቡ ምድሓን ሂቡና ። ብድሕሪኡ ቆስጠንጢንዮስ ብ313 ኣብ ሚላኖ ምስ ነገሰ፡ ቤት ክርስትያንና ናጽነት ረኸበት ። በዚ ዝወርዳ ዝነበረ ከኣ ቤት ክርስትያንና ብዙሕ ናይ መንፈሳዊ ጽንዓትን እምነትን ተጠቐመት ።

## ብዘይ መወዳእታ ዝቕጽል ሽግር እምበኣር የሎን!

ጊዜ ይንዋሕ ይሕጸር ብልክዕ ክውዳእ እዩ። እቲ ዘድሊ ነገር እምበኣር ኣብ እምነት ዝተመስረተ ትዕግስቲ የድሊ ። ናብ ናይ እዮብ ፈተና እንተ ተመልከትና፡ – ኵሉ ንብረቱ ዘኽሰረ፡ ደቁን ደቂ ደቁን ዘጽነተ፡ ኣካሉ ብቑስሊ ዝወቕዐ፡ ኣብ መጨርሽታ ኵሉ ናብ ሰናይ ተመለሰ፡ ብዛዕባኡ ዝተባህለ ደስ ዘብል እዩ ።( እንሆ፡ ነቶም እተዐገሱ ብጹኣን እዮም ንብሎም ኣሎና። ብዛዕባ ትዕግስቲ እዮብ ሰሚዕኩም ኣሎኹም።) ድሕሪ እዚ ትዕግስቲ እዚ ግን፡ ንኹሉ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮ ብዕጽፊ ብምትካእ ክባርኾ እንከሎ ነንብብ ።( ኢዮ 42፤12–16) ኢዮብ እቲ ዝወረዶ ፈተና ፡ ንኣምላኹ ከመይ ምስጋና ከም ዝህብ ጠቒምዎ እዩ ። ማለት ከምቲ ኣብ እምነቱ ዝረኸቦ ብዙሕ በረኸት ዝረኸቦ ።

ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮም ኵሎም ዛንታታት ዝረኸብዎ ዓበይቲ ረብሓታት፡ ማለት መርዶካይን ህዝቡን፡ ዮሴፍን ስድርኡን፡ ዝረኸብዎ ክብርን በረኸትን፡ ነቲ ሽግር እቲ ብእምነትን ትዕግስትን እንተ ዘይሓልፍዎ ነይሮም ኣይምረኸብዎን ነይሮም ። ስለዚ እምበኣር ትዕግስቲ ንኣምላኽ ንኸነመስግን ዓቢ ተራ ኣለዋ ።

## ትሕትና ምስ ምስጋና ዘለዋ ምትእስሳር

ናይ ምስጋና ሕይወት! ብዕምቆት ክትነብር ንኽትክእል፡ ትሕትናን ስቡር ልብን ክህልወካ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ( እቲ ትሑት ሰብ ንዓይ ኣይግበኣንን ንዕኡ ኣይበቅዕን እየ “ በሃሊ እዩ። )ስለዚ ከኣ ስለ ኵሉ ነገር ኣመስጋኒ እዩ። ኵሉ ካብ እግዚኣቢሔር ንዝተዋህቦ ይዕበ ይንኣስ ብሓጎስን ብምስጋናን ይቕበሎ ። እወ ካብ ውሽጡ ንዕኡ ዘይግባእ ጌሩ ይቖጽሮ።

እቲ ትዕቢተይና ግን ናይዚ ተጻራሪ እዩ። ንነፍሱ ብዙሕ ነገር ካብቲ ዘለዎ ንላዕሊ ከም ዝግበኣ ጌሩ ይሓስብ እሞ፡ በቲ ዘለዎ ከኣ የጕረምምርም ። ገለ ልዕል ዝበለ ደረጃ እንተ በጸሐ፡ ግቡኡ ምዃኑ ብምሕሳብ ምስጋና ኣይህበሉን ። ካብኡ ሓሊፉ እውን፡ ገለ ሰባት እንተ ነኣድዎ፡ እቲ ናእዳ ካብቲ ዝግበኦ ንታሕቲ ጌሩ ይሓስብ ። እቲ ትሑት ሰብ ግን፡ ዝኾነ ሰብ ናእዳ

እንተ ሃቦ፡ንዕኡ ዘይግበኦን ዘይገልጾን ቆጺሩ ይስቀቕን ይሓፍርን ።

## እቲ ትሑት ሰብ፡ ናእዳ ዘይምድላዩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብግብሩ ጌና ካብ ኣምላኽ ዓቢ ፍርድን መቕጻዕትን ከምዝግበኦ ጌሩ እዩ ንነፍሱ ዝቖጽራ ።

ስለዝኾነ ድማ ዝኾነ መቕዘፍቲ እንተ ወረዶ፡ ኣነ ካብዚ ዝገደደ ዝግበኣኒ ሓጥያተኛ እየ፡ ካብቲ ዝግበኣኒ ኣውሒዱ ስለ ዝቐጸዓኒ፡ ምሕረት እግዚኣቢሔር እዩ፡ ካብ ኣብ ናይ ዘለኣለም ሓዊ ዝቕጻዕ ከኣ ኣብዛ ምድሪ ክቕጻዕ ይሕሸኒ ብምባል ንኣምላኽ ምስጋና ይህብ። ንኣብነት ክኾነና፡ – ሓደ ገበነኛ ብዙሓት ነፍሳት ዘጥፈአ እሞ፡ እቲ ፈራዲ ግና ገለ ናይ ኣእምሮ ምኽንያት ግምት ጌሩ ፡ንዕድሜኡ ልክዕ ብብርቱዕ ስራሕ ክቕጻዕ እንተ ፈረዶ እሞ፡ እቲ ነዚ ዝሰመዐ ተፈራዲ ዓው ኢሉ " ሞት ዝግበኣኒ ሰብ ብሕይወት ንኽነብር ምሕረት ስለ ዝተገብረለይ ክብረት ይሃበለይ" ኢሉ ንዳኛን ንጠበቓኡን ክንደይ ዘየመስግን፤ ከምኡ ከኣ እቲ ትሑት ሰብ፡ ቀጻሊ ዝወርድ መቕጻዕቲ ካብቲ ክወሃብ ዝግበኦ ፍርዲ ምኳኑ እዩ ዝሓስብ። ጳበባ፡ ጳገም፡ መቕዘፍቲ እንተ በጺሖ " ዎ ጐይታ ካብ ሓጥያተይ ንታሕቲ ኢኻ ቀጺዕካኒ እሞ፡ ስለፍቕርኻ አመስግነካ ኣለኹ "ይብሎ። እወ እቲ ከምዚ ዝብል ሰብ፡ እቲ ነፍሱ ጽቡቕ ጌሩ ዝፈልጥ፡ ክበደት ሓጥያቱ

ዝግንዘብ፡ ካብቲ ኣምላኻዊ ፍትሒ እንታይ ይግበኦ ከም ዝነበረ ዝተረደአ ሰብ እዩ።

## ገለ ሰብ ከምዚ ኢሉ መጎት የልዕል ይኸውን፡- "ክጻወሮ ዘይክእል መቕጻዕቲ እንተተዋህቦኸ ከም ምጽዋሩ ዘይከኣል ሕማም ንኣብነት ከም ካንሰር፤

ንሕና ድማ ከምዚ ንብሎ፡— ኣብ ምድሪ ዝወሃበና ወይ ዚወርደና ስቓይ፡ ክብደቱ ክንዲ ዝኸበደ እንተ ኸበደ ፡ ውሱንን ግዝያውን እዩ። ካላኣይ ከኣ ምስቲ ድሕሪ መዓልቲ ፍርዲ ዘሎ ናይ ዘለኣለም ስቓይ ተወዳዲሩ፡ እዚ ስቓይ እዚ ኣዚዩ ይበልጽ ። ደሓር ከኣ እግዚኣቢሔር ከምዚ ዓይነት ክብደት ዘለዎ ክወርድ ከሎ ተጻዋርነት ይህበና እዩ።

## "ቅኑዕ ዓላማ ምስ ምስጋና ዘለዎ ምትእስሳር"

ብዙሓት ሰባት ዓለማውን ምድራዊ ረብሓታት ስለ ዘይረኸብዎን ክረኽብዎ እውን ስለ ዘይከኣሉን፡ ብእኡ ስለ ዝጽመዱን፡ ንኣምላኽ ንኽመስግኑ ይሸገሩ። እቲ መንፈሳዊ ሰብ ግን ዓላማኡ ንጹርን ሓደን ንሱ ድማ እግዚኣቢሔር ጥራይ እዩ ። ስለዝኾነ ከኣ ብዓለማዊ ነገር ይርከብ ይስኣን፡ ብሓላፊ ነገር ሃሙ ኣየጥፍእን። ጣዓማ ብዘይምርካቡ እውን ሓዘን ዝበሃል ኣይስመዖን ጥራይ

ዘይኮነስ፡ ንኣምላኽ እንዳ ኣመስገነ፡ ካብ ኣምላኽ ተፈልዩ ባህታ ዝህቦ ነገር ኲሉ ከም ወጽዓ እናቆጸረ ብኣምላኽ ይሕጎስ።

## “ስለዚ ከኣ ንብል፡ ምግታእ ነፍስኻ ናብ ናይ ምስጋና ሕይወት የብጽሕ እዩ”

ወይ ከኣ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብዚ ዓለም ነፍስኻ ክትገትእን ናብ ናይ ምስጋና ሕይወት ንኽትበጽሕ ትሕግዘካ ። ኣቦታትና መኖኮሳትን ባሕታውያንን ኣብዛ ዓለም ዝውንንዎ ገለ እኳ ዘይብሎም ክንሶም ብሓጎስን ብምስጋናን ንኽነብሩ ዘኽእሎም ምኽንያት እንተ ነይሩ እውን ንሱ እዩ። ብተመሳሳሊ ኩነታት ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ጉዕዞ ኣገልግሎቱ ብዛዕባ ነፍሱ፡- (ከም ድኻታት፡ ንብዙሓት ግና ነጻጉ ኢና፡ ኲሉ ኸሎናስ፡ ሓንቲ ኸም ዜብልና ኳንና ንርኤ አሎና። 2ቈረ 6፤10 )። ብምባል ክገልጽ ከሎ ኢና ንዕዘብ።

ዓለም ንዓና ገለ እኳ ከም ዘይብልናን ድኻታትን ገይራ ኢያ ተርእየና ። እንተኾነ ከምቲ ኣብዚ መርበብ ኣብ ካልእ መጽሓፍ ዝገለጽናዮ፡ ኣምላኽ ስለ ዘሎና ንሱ ኲሉን ኣብ ኲሉን ስለ ዝኾነ፡ ብእኡ ምሉኣትን ኲሉ እንውንን ኢና። እንተኾነ ሕጉሳት ከሎና ኣብ ሰባት ግን ከም ሕዙናት ኮይንና ንርአ ።

# (ስለዚ እምበኣር :"ናይ ምስጋና ሕይወት" መንፈሳዊ ስነ-ምግባራት የድልያ ማለት እዩ ")

እምበኣር ወዲ ሰብ፡ ብዘይ እዚ ስነምግባራዊ ስርዓት ናብቲ ሓቀኛ ናይ ምስጋና ሕይወት ኮነ ናብ ምልኣት መንፈሳዊ ሓጎስ ምብጻሕ ዝከኣሎ ኣይኮነን። ስለዚ ነፍስኻ ካብ ምስጋና ርሒቓ እንተ ደኣ ረኺብካያ፡ ነቶም ዝገለጽናዮም ናይ ስነምግባራዊ መምርሒታት ተመሊስካ ሃሰስ በሎም። እንተ ዘየሎ፡ ኣብ ደስታ ዘለካ ርድኢት ቅኑዕ ኣይኮነን ማለት እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝተዘራረብናሉ፡ ምስ ናይ ምስጋና ሕይወት ዝተኣሳሰር ከም፡ ሓጎስ፡ ሰላም፡ ኣብ ውሽጢ ጸበባ ኮይንካ ውሽጣውን ግዳማውያን ምጽንናዕ፡ ገለ ካብቶም መምርሒታት እዮም።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ስለምንታይ ኢና እነመስግን?!

ካብቲ ኣገዳሲ ምኽንያት ፡ ዘይምምስጋን፡ – እቲ ንሰናይና ዝኾነ ነገር ስለዘይንፈልጥ፡ ንኹፉእና ጌርና ንሓስቦ እሞ፣ ንሰናይና እንከሎን፡ ብመሰረቱ'ውን ናብቲ ሰናያት ዘብጽሓና መገዲ እንከሎ፡ ብዘይምርዳእና ዘየመስገንቲ ንኸውን ። ነዚ እኹል መምሃሪ ዝኾነና እምበኣር ገለ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መብርሂታት ወሲድና ከነብርሆ ክንፍትን ኢና ። ድማ እመኑኒ ኣምላኽ በቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ሰፊሕ ፍልጠቱ፡ ንሱ በይኑ እዩ ሰናይና ዝፈልጥ። እንተ ናትና ፍልጠት ግና ውሱንን ኣርሒቑ ክርኢ ዘይክእልን ከም ምኳኑ መጠን፡ ንገዛእ ርእስና ዝኸውን ኣፍልጦ ኣይንውንን።

## ናይ ዮሴፍ ታሪኽ ኣቐዲምና ተማሂርናሉ ኣለና።

ካልእ ኣብነት፡- ምህዳም ናይ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ናብ ግብጺ እዩ። እዚ ብሄሮዶስ ኣብ ልዕሌኣ ዝተገብረ ምስጓግን መከራን፡ ምስጋና ይግበኦ ኢልኩም ዶ ትሓስቡ፧ ብርግጽ ንዓኣ መከራ እዩ ነይሩ፡ እንተ ንዓና ከም ህዝቢ ግብጽን ኣህዛብን ግን ካብ ውሽጢ ልብና ዓቢ ንኣምላኽ እነመስግነሉ ኣጋጣሚ እዩ። ምኽንያቱ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ኢያ ሃገርና ኣእጋር መድሓኒና

እየሱስ ክርስቶስን ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ክረግጸኣን ክትባረኽን ናይ ኣምልኾ ቦታታት ክህነጻላን ዝበቐዐት ።

## ንሕና መጻኢ ኣብ ኢድ እግዚኣቢሔር ምዃኑ እምበር፡ ንፈልጦ ነገር የብልናን ።!

እግዚኣቢሔር ኵሉ መጻኢ ኣብ ኢዱ ስለ ዝገበሮን፡ ንደቂ ሰናያት እንዳ ዓየየ ኵሉ ከከም ዘድልየና ስለ ዘከናውኖን፡ ካብ ኢድ እግዚኣቢሔር ዝመጽእ ከኣ ብፍቕሪ ዝተመልአ ምዃኑ ኣሚንና፡ ንኣምላኽ ነመስግኖ ። ብሓቂ እቲ ዓቢ ልቢ ዝውንን ሰብ፡ ስለ ኵሉ ነገር ይሕጎስን የመስግንን እምበር፡ ኩነታት ዝኾነ ይኹን ፈጺሙ ኣይጭነቕን። ኣቐዲመና ብዛዕባ ጸበባ እንታይ ከም ዝተመሃርና ዘክርዎ።

ጸበባ-ጸበባ ተባሂላ ዝተጸወዓትሉ ምኽንያት፡ ንልቢ ስለ ዘጽብበላ እዩ፡ እቲ ርሒብ ልቢ ዝውንን ሰብ ግን ብዝኾነ ነገር ኣይጸባን፣! ናይ እምነት ነገር ኢድ እግዚኣቢሔር እንዳረኣየ፡ ንኹሉ ፍጻሜታት ብእመነት ይሓልፎን፡ ብስራሕ እግዚኣቢሔር ከኣ ይሕጎስን የመስግንን ።

ብህለት ናይ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ፡ ብዛዕባ መሃዝትን (ፈጠርትን) መናፍቓንን፣! ብዛዕባ እቶም ኣንጻር እምነትና ዝተዋግኡን

ንቅድስቲ ቤት ክርስትያንና ከኣ ብዙሕ ጸገማት ዘውረዱላን፡ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ክዛረብ እንከሎ፡- "ነቶም መናፍቓን ነመስግኖም ኣለና፡ ከመይሲ ንሳቶም ናብ እምነትና ጥርጣሬታት ብምዝርኦም፡ መጽሓፍ ቅዱስና ብዕምቆት ክንምርምርን፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይረኣናዮ ሃፍቲ ቤት ክርስትያንና ክንፈልጥን ክንገለጾን ስለዝሓገዙና" በለ።

## ብተመሳሳሊ ናይቶም ኣብ ቤት ክርስትያንና ተንሲኦም ዝነበሩ ፍላስፋታት እውን ፤!

ብፍላይ ኣብቲ ፈለማ ምልዕዓላ፡ እዚ ምልዕዓል እዚ ክምስገን ዝግበኦ እዩ ነይሩ፡ ከመይሲ እታ ቀዳመይቲ ቤት ትምህርቲ እስክንድርያ ዝተመስረተት ብእኡ ምኽንያት እዩ ዝነበረ። በቲ ሽዑ ንመላእ ዓለም ዘቕረበቶ መንፈሳዊ ፍልጠትን መጻሕፍትን ። ከምኡ'ውን ብዛዕባ እምነት ክርስትያንያዊ ፍልስፍናን ስነ መሎኮትን ወዘተ,,,። ስለዚ ንሕና ከኣ ንዕዮ እግዚኣቢሔር ልብና ምፍታሕ ብምስጋና ኲሉ ንኽብሪ ቅዱስ ስሙ ስለ ዝገበሮ፡ ብግብሪ ኢዱ እንዳ ተሓጎስና ነመስግኖ።

## ካልእ ኣብነት፡ ደም ሰማእታትና ምስጋና ዝግበኦ ሰናይዶ ነይሩ፤

እወ! ምኽንያቱ ደም ሰማእታትና፡ እምነትና ብእኣ ናብ መላእ ዓለም ዝተዘርገሓላ፡ እቶም ዝርእዩ ሰባት ብትብዓቶም ብምግራምን ካብ ኣፎም ዝወጽእ ዝነበረ ዕምቈት ዘለዎ ቃላቶም፡ በቲ ኣብ ጊዜ መስዋእትነቶም ዘጋጥም ዝነበረ ተኣምራትን፡ ምስ እዚ ኲሉ ከኣ ንሞት ብትብዓት ፊትንፊት ገጢሞም ብሓጎስ ዝተቐበሉ፡ ዘርኢ እምነትና እዮም። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ዘኣንጦክያ ነበርቲ ሮማ ካብቲ ናብ ኣፍ ኣናብስ ተፈሪድዎ ዝነበረ ንምድሓኑ ኣብ ዝፈተንሉ ጊዜ፡ –ከምዚ ዝብል ደብዳቤ ጸሓፈሎም "ኣሕዋተይ! ፍቕርኹም ጉድኣት ከየምጽኣለይ ፈሪሐ ኣለኹ፡ ኣነ ኣብ ናይ መፈጸምታ ጊዜ ምስንባት እንከሎኹ ንስኻትኩም ከኣ ሓድሽ ሕይወት ክጅምር ትድልዩ ኣለኹም " ብምባል ነፍሱ ንኣናብስ ኣሕሊፉ ሃበ እሞ፡ ንውሉድ ወለዶ ትምህርትን ኣብነትን ኮይኑ እንዳተዘከረን፡ ንብዙሓት ኣብ እሱርቤታት እንዳ ተገለጸ ከተባበዖምን ከበራተዖምን በቐዐ ። ስለዚ ከኣ ኢና ስለ ሰማእታትና ዘይንበኪ። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ንሕጎስን ባህ ይብለናን ኣምላኽ ስለ ዝረደኦም ከኣ፡ ነመስግኖን ፡ ምኽንያቱ ኣኽሊል ስለዝተቐበሉ ። ስለዚ ከኣ ኣብቲ ንስለ ዝዓረፉ ኣብ ጸሎተ መግነዝ (ከምቲ ዝረደኣካ ይርደኣና) ኢልና ንጽሊ ።

ብተመሳሳሊ ኩነት ብዛዕባ’ቶም ናይ እምነት ጽኑዓት ምእንቲ

እምነቶም ብምስዳድ ዝተበታተኑን እንተ ተዛሪብና ነቲ ኣብ ግብሪ ሓዋርያት ዘሎ ምጥቃስ ይከኣል ( እቶም እተበተኑ ግና ቃል ወንጌል እናነገሩ ዞሩ። ግብ 8፥4) ምስዳዶምን ምብትታኖምን ብርግጽ ካብቲ ቃንዛ ቤት ክርስትያን ዘስዓበ እዩ ነይሩ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ በረኸት እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ብመንፈስ ሓዊ ቃልቃል ዝበሉ፡ ናብ ዝኣተውዋ ዓዲ እምነት ዝዝርገሓላ ነበልባል እዮም ነይሮም። እሞኸ ደኣ እዝስ ኣምላኽ ኣይምስገነሉን ዶ፧ ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝግበኣና፡ ነገራት ባዕሎም ሰናይ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ብኻልእ ሸነኽ ድማ እቲ ሰናይ ኣብ ውጽኢቶም ክንረኽቦ ንኽእል ። ስለዚ ስለ ክልቲኡ ነገራት ኢና እነመስግን። ነቲ ጸበባ ናብ ሰናይ፡ ነቲ ምብትታን ከኣ ናብ ስብከት እምነት ቀይሩ፡ ኣብ ኲሉ ቦታታት ቤት ክርስትያናት ክምስረታ ጌሩ። ስለዚ ፍቓድና ብምላኣት ነቲ ብሰናያት ዝተመለአ ንቅዱስ ፍቓዱ ነረክብ ።

## ንቕድሚት ምጥማትን ምስጋናን

## (ሓደ ካብ ጸገማት ንቕድሚት ዘይምጥማትና እዩ)

ጠመተና ናብ ትሕቲ እግርና ማለት ናብቲ ሕጂ ንነብሮ ዘሎና እምበር፡ ኣርሒቕ ኣቢልና፡ ናብቲ እግዚኣቢሔር ንዓና ዘሕጉስ ነገር ዝመደቦ ክንዕዘብ ኢልና ፈጺምና ቁሊሕ ኣይንብልን ። ነዚ ንምግላጽ ገለ ኣብነታት ክህብ እየ፡-

## ናይቲ ብዕውሩ ዝተወለደ፡ ከነመስግነሉ ዝግባእ ሰናይ ነገርዶ ኣይኮነን ፧

እቶም ደቂ መዛሙር ብዕሽነት "(እዚ ዕዉርስ ንሱ ድዩ ሓጥያተኛስ ወይ ወለዱ፧) ብምባል፡ ኣብ ጉዕዞኦም ካብ ዝነበሩ ኣህዛብ ጉጉይ ስነሓሳብ ብምኽታል ተጋገዩ ። ጐይታና እየሱስ ክርስቶስ ንስሙ ምስጋና ይኹን ግና "( ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ኺገሃድ ደኣ እዩ እምበር፡ ንሱ ኣይበደለ፡ ወለዱ ኣይበደሉ።") ብምባል ኣረሞም ። እዚ ሰብኣይ ብዕውሩ ተወሊዱ እንተ ዘይነብር፡ እዚ ኣብ ህይወቱ ዝተሰርሐ ዓቢ ተኣምር ኣይመጋጠመን ነይሩ ። ብእኡ እውን እምነቱ ብጐይታን ስግደቱን ንስለኡ ደው ምባሉን ኣይምረኸቦን ነይሩ። ኣብ መጨርሽታ ከኣ ርእየነኦ ዘይፍልጣ ክርእያ ክልተ ኣዒንቱ ተኸፊተንስ ናብ ታሪኽ ተጸንቢሩ። ብሰንኪ ናቱ ከኣ ንብዙሓት ናይ ምእማኖም

ምኽንያት ኮይኑ ። እዚ ከኣ ንኣምላኽ እነመስግነሉ ዓቢ ጉዳይ እዩ።

## እንተኾነ ምስናይ ይቕሬታ ንሕና ውጽኢት ከይረኣና ኣይነመስግንን

እምነት ግን ፡ ንርኣዮ ኣይንርኣዮ ብርግጽ ኣብ ሰማይ ከም ዘሎ ኢያ ምትእምማን እትህበና ። እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም ። (ዮሓ 20፤29) እቶም ነቲ ዘይረአ ብእምነት ዚርእዩ ብጹኣን እዮም ።( እብ 11፤1)

## ካልእ ኣብነት ዝኾነና ድማ ሞት ኣልኣዛር ሓው ማርያምን ማርታን እዩ!

ሕማምን ሞትን ኣልኣዛር ናብ ምስጋና ዝዕድምዶ ነይሩ፤ ብግለጺ ማርያም ኮነ እቶም ምስኣ ዝመጹ ኣይሁድ በኽዮምን ፡ ንሳ ከኣ ንጐይታ (ጐይታይ ኣብዚ እንተ ትነብርስ ሓወይ ኣይምሞተን ግዲ ዮሓ 11፤32–33)። ብተመሳሳሊ ማርታ ሓውታ እውን ከምኡ በለት ( ዮሓ 11፣21) ምስዚ ኵሉ ግን ወዲ ኣምላኽ ብኡኡ ንኽኽብር እዩ ነይሩ( ዮሓ 12፣4)።

እቶም ሰባት ጐይታ ድሕሪ ሞት ኣልኣዛር እንታይ ከም ዝገብር

ይፈልጡ እንተዝነብሩ፡ ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝግለጽ ተረዲኦም ብሕማም ኣልኣዛር ንኣምላኽ መመስገንዎ ነይሮም። ምኽንያቱ ድሕሪ ምትንሳእ ኣልኣዛር ካብ ሞት ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ መቓብር እምነት ናብ ኵሉ ከባቢ እዩ ተዘርጊሑ ።( ዮሓ 11፣45) እዚ እምበኣር ብዘይ ጥርጥር ምስጋና ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። እንተኾነ እቶም ሰባት ሰብኣዊ ባህሮም ድኑት ስለዝነበረን ኣርሒቖ ክርኢ ዘይክእል ብምዃኑን መጠን፡ ብሕማም ኮነ ብሞት ኣልኣዛር ክገብርዎ ዝተራእዩ፡ ናብቲ ኣልኣዛር ተቐቢርዎ ዝነበረ መቓብር ከይድካ ምብካይ ጥራይ እዩ። ምእማን ግን ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ መቓብር እውን፡ ኣልኣዛር ብምትንሳእ ክብሪ ኣምላኽ እተርእን ምስጋና እተውህብን ኢያ።

## (ካልእ ኣብነት እንወስዶ፡ ጥሜት ኣብ ግብጺ እዩ)

ጥሜት ብምምጽኡ ዘመስግን ክርከብ ብፍጹም ዘይከኣል እዩ ። እንተኾነ ምስዚ ኵሉ እታ ጥሜት እቲኣ ግን ንሰናይ ኢያ ዝነበረት ። ምኽንያቱ ጥበብ እቲ እሙን ዮሴፍ ንኽግለጽ ኣፍ ደገ ዝኸፈተት ስለ ዝነበረት ። እዛ ጥሜት እዚኣ ሕልምን ራኢን ካብ ኣምላኽ ዘምጸኣት፡ ንዮሴፍ ምስ ኣሕዋቱን መላእ ስድርኡን ዘራኸበትን ዘተዓረቐትን ደቂ ያዕቆብ ዝተባረኹላን ከም ምዃና መጠን ክትምስገን ዝግበኣ ኢያ ዝነበረት። እንተ ስለቲ ጥሜት ኣምላኽ ንዓኣ ዝኸውን መፍትሒ ብኸመይ ዝበለ መገዲ ኣዳሊዉላ ከም ዝነበረ ትፈልጥዎ ኣለኹም ። ኣብ ልዕሊ ቅዱስ

ኣቡነ ዲሞጥሮስ ተወርዩ ዚነበረ ጥርጠራ እንተ ኣስተንተንና፡ ከም ሰብ እንክንዕዘቦ ባህ ዘየብል ነገር እዩ፡ እንተኾነ እዛ ጥርጠራ እዚኣ ቅድስና ናይዚ ዓቢ ኣቦ በርሃው ኢሉ ንኽግለጽ ምኽንያት ኢያ ዚነበረት ። ኣብ ቅድሚ ሰባት ከኣ ጽድቁን ንጽህናኡን ድንግልናኡን ገለጸት። ኢድ እግዚኣቢሔር ስለ ዝተሓወሳ እነሆ ድማ ሎሚ ገድሉ ኣብ ስንክሳር ( 12 ባባ) እንዳ ተዘከረ ይነብር ኣሎ። ብዘይ ጥርጥር ከምቲ ኣቡነ ዲሞጥሮስን በዓልቲ ቤቱን ዘመስገንዎ፡ ኵሉ ህዝቢ ንኣምላኽ ኣመስገኖ፡ እቲ ዝነበረ ጥርጠራ ከኣ ናብ ክብሪ፡ እቲ ቃንዛ ናብ ጽንብ ተቐየረ።

## ናይ ነብይ ዘማራይ ዳዊት ኣብነት

ነብይ ዳዊት ምስ ሳኦል ኮነ ምስ ኣቤሴሌም ወይ ምስ ካልእ ዝነበረ ከርተት ፡ነዚ ሕጂ ኣብ ኢድና ዘሎ ጥዑም መዛሙሩ ዘጸናነዓና ዘሎ ከበርክተልና ከም ዝኸእል ዝሓስቦ ሰብ መን ነይሩ፧ ዳዊት ግን በቲ ዝወርዶ ዝነበረ ሽግራት ብበገንኡ ጌሩ ነዚ ሽግር ይዝምረሉ እዩ ነይሩ ። ከምቲ ኣብዚ መርበብ ኣብ ካልእ መጽሓፍ ዝገለጽናዮ፡ ብኹሉ ዓይነት መሳርሒ ሞዚቃ ብመዝሙርን ዜማን ጌሩ ስቓዩ ይገልጽ ነይሩ። እዚ ዓቢ ሃፍቲ ቤት ክርስትያን ከኣ ቅርሲ ሓደገልና ። እሞ ንኣምላኽ በዚ ኵሉ ነገር ኣይነመስግኖን ዶ፧ ኣብ ኵሉ ሽግራቱ ከምዚ እናበለ እዩ ዝዝምር ዝነበረ፡- (ንእግዚኣብሄር ኵሉ ጊዜ እባርኾ፣ ውዳሴኡ ንሓዋሩ ኣብ ኣፈይ እዩ። ነፍሰይ ብእግዚኣብሄር ክትሕበን እያ፣

ንእግዚኣብሄር ምሳይ ኣዕብይዎ፣ ንስሙ ሓቢርና ልዕል ነብሎ። መዝ 34፣1–3) ከምኡ'ውን ( ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ኹሉውን ንቅዱስ ስሙ ይባርኾ። ነቲ እተገብረልኪ ሰናይ ኩሉ ኸኣ ኣይትረስዒ፣( መዝ 103፣1–2) ንሱ ኣብ ኩሉ ጸገማቱ ንእግዚኣቢሔር እዩ ዝውድስ ነይሩ።

# ትምህርቲ ካብ ሕይወት ነብይ ሙሴ

ሙሴ ካብ ምቕታሉ ብምፍራህ ኣብ ዘንቢል ተኸቲቱ ናብ ባሕሪ ምድርባዩ ( ዘጸ 2፣3) እዚ ህፃን እዚ ወዲ ስድራ ፈርኦን ኮይኑ ኣብ ሓደ ብሉጽ ኣዳራሽ ንኽዓቢ መን ዝሓስቦ ነይሩ፤ እዚ ከምስገን ዝግበኦ ሓለዋ እግዚኣቢሔርዶ ኣይኮነን፤ ከምኡ'ውን ምህዳም ናይ ሙሴ ናብ ምድረበዳን ኣብኡ እግዚኣቢሔር ክግለጸሉን ኣብ እትነድድ ቆጥቋጥ ኮይኑ (ዘጸ 3) ንህዝቢ ንምድሓን ክጽወዖን ዝዓበየ ነብይይ ካብ ነበያት ከም ዝኸውንን መን ዝሓሰቦ ሰብ ነይሩ ፤ እዚ ኩሉ እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝብል ተጻሒፉ ዘሎ እዩ ዘዘኪረና፦ (ካብ መጀመርታ ነገር መወዳእታኡ ይሐይሽ። መክ 7፣8) እምበኣር እቲ ናይ ምጅማር ሽግራት ዓቕሊ ከጽብበልና ዘይኮነስ፡ ፍጻሜኡ እንታይ ከም ዝኸውን ንቕድሚትን ናብ ፍጻሜኡን ከነቋምት ይግባእ ።ብርግጽ ድማ መፈጸምታኣ ሓጎስን ተድላን ክትኮነልና እንከላ ክንረክባ ኢና። ኣብ ላዕሊ ከም ዝተመሃርናዮ ናይ ሃማን ትዕቢት ኣብ ልዕሊ ማርዶካይን ህዝቢ እስራኤልን መፈጸምታኡ

እንታይ ከም ዝኾነ ደጊመ ኣዛኻኽረኩም ኣለኹ። ( ኣስ 6፣7)

## ካልእ እንመሃራ ካብ ፈተና ይስሓቅ እዩ

ኣቦና ኣብርሃም እቲ ሓደ ነፍሱ እትፈትዎ ወዱ ብመስዋእቲ ምሕራር ከቕርቦ ክእዘዝ ከሎ፡ ብዘይጥርጥር ዓቢ ፈተና እዩ። (ዘፍ 22፣2) እንተኾነ ውጽኢታ እምነትን ተኣዛዝነትን ዘመስከረት ንሰናዩ ኢያ ኔራ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብርሃም ብእመነት ፡ ይስሓቅ ወዱ ወላ እውን እንተሞተ ኣምላኽ ከተንሰኦ ከም ዝኽእል ኣሚኑ ወፈዮ (ዕብ 11፣17–19)። በዚ ከኣ ንተኣዛዝነቱ ብግብሪ ወዱ ብምሃብ ጽድቁ ገለጸ። ( ያዕ 2፣21) ከምኡ'ውን ኣብራሃም ብኣምላኽ ኣመነ፡ ጽድቂ ኮይኑ ከኣ ተቖጸረሉ ። ( ያዕ 2፣23) በዚ ኵሉ ፈተና ከኣ ኣቦና ኣብርሃምን ዘርኡን ካብ እግዚኣቢሔር ብዙሕ በረኸት ሓፈሰ ። ( ንዓኻን ንዘርእኻን ክባርኽ፡ ኵሉም ህዝብታት ምድሪ ብዘርእኻ ክባረኹ እዮም ። ዘፍ 22፣16–18) ። እግዚኣቢሔር ድማ በዛ ፈተና ንእምነትን ተኣዛዝነትን ዝኸውን ብሉጽ ምሳሌ ስለዝገደፈልና ነመስግኖ። እዛ ፈተና እምበኣር፡ ንኣብራሃምን ዘርኡን ንዓናን በረኸት ኢያ ኔራ። እወ ትምህርቲ፡ ኣብነት፡ ንኹሉ ወለዶ ኣብዛ ምድሪ፡ ካብ ወገን ኣብርሃም ይኹን ካብ ወዱ ይስሓቕ፡ ንክርስቶስ ምሳሌ እቲ ሓደ ወዱ ንእግዚኣቢሔር ኣቦ (ዮሓ 3፣16) ክሳብ ኣብ መስቀል ሞት ዝተዓገሰ ( ፊሊ 2፣8)።

# ናይ ምስጋና ኣብነት ካብቲ እሱር ሓዋርያ ጳውሎስ

ሓደ ሰብ ኣብ እሱርቤት ኮይኑ ከመስግን ይረኣየካ ዶ፧ እወ እቲ ኣማኒ ሰብ ኣብ ዝኾነ ነገር እዩ ዘመስግን ። ጳውሎስን ሲላስን ተታሒዞም ምስተገርፉ፡ ኣብ ውሽጢ እሱርቤት ብምእታው፡ ኣእጋሮም ብሰንሰለት ተኣስሩ። ምስዚ ኵሉ ከኣ፡ እቶም መታኣስርቶም እንዳሰምዕዎም ንኣምላኽ ይዝምርሉ ነበሩ። (ግብ 16፣23–25) ። ነቲ ሓላዊኦም ከኣ በረኸት ነበረ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ድማ እዩ ጸጋ ጥምቀት ንገዛእ ርእሱን መላእ ስድራ–ቤቱን ክረክብ ዝኸኣለ። ( ግብ 16፣33–34)። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ገለ መልእኽትታቱ ኣብ እሱርቤት ኮይኑ፡ ጽሙው ጊዜ ብምርካብ ዝጸሓፈ፡ እሞኸ ደኣ ስለዚ ኵሉ ነገር ንኣምላኽ ከነምስግኖ ኣይግባእን ዶ፧

# ንኸይነመስግን ዝዕንቅጸና ውዕለትን ሰናይ ግብሪ እግዚኣብሔርን ስለ ዘይንዝክር እዩ!

## 1- ሓደ ካብቲ ንእግዚኣቢሔር ንኸይነመስግን ዝዕንቅጸና ጠንቂ፣ እግዚኣቢሔር ዝወዓለልና ውዕሎ ስለ እንርስዕ እዩ።)

እዚ ብማሕበራዊ ወይ ብግላዊ ዝግበር ውዕለት እግዚኣቢሔር ክኸውን ይኽእል ። ዘማራይ ዳዊት ንነፍሱ ከዘኻኽራ እንከሎ፣ ( ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዅሉውን ንቅዱስ ስሙ ይባርኽ። ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ነቲ እተገብረልኪ ሰናይ ኲሉ ኸኣ ኣይትረስዒ፤( መዝ 103፤1–2) እንዳበለ ሓደብሓደ ንነፍሱ የዘኻኽር ። ኣነ እውን እዚ መዛሙር እዚ፡ ውዕለት እግዚኣቢሔር ንኸይንርስዕን ኣመስገንቲ ንኽንከውንን ሓጋዚ ኢለ ስለዝኣምን ከተንብብዎን ከተጽንዕዎን እላበወኩም።

ኣብ 1974 ኣሸሓት ሰባት ዝቐዘፈ ሕማም ኮሎርያ መጺኡ ነበረ ። ብዙሓት ከተማታት ከኣ፡ ካብ ለበዳ ስለዝሰገኣ ኣፍደገአን ዓጸዋን ብዙሕ ስንባደን ራዕድን ከኣ ወሪድወን ነበረ ። ሓደ ጊዜ ክታበት ድሕሪ ምውሳደይ ናብ ገለ ካብዘን ዕጽዋት ከተማታት ኣትየ ነበርኩ ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣብቲ ከተማ፡ ዝስሕቕ ሰብ ወይ

እውን ድምጺ ሰብ ይኹን ድምጺ እቲ ልሙድ ናይ ሬድዮ ደርፍታት ይስማዕ ኣይነበረን ።እታ ከተማ ኣብ ፍጹም ሓዘን ኢያ ተሸሚማ ዝነበረት ። ብዙሓት ብዕምቆት ክጽልዩ፡ ከምኡ'ውን መብጸዓታት ክኣትዉን ይረኣዩ ነይሮም ( ካብዚ እንተሰዊርካኒ ከምዚ ክገብር እየ፡ ከምቲ ክኸውን እየ )ወዘተ። እግዚኣብሔር ከኣ ካብቲ ቀዛፊ ሕማም ኣሕሊፉናስ ክሳብ ሎሚ እኳ ንነብር ኣሎና ። እሞ እስኪ መን እዩ ካባና፡ ካብዚን ካብ ከምኡ ዝበለ ካልእ ተላባዒ ዝነበረ ሕማማትን ጥሜትን ስለዘድሓነና ዘኪሩ ንኣምላኽ ዘመስግን ክብሪ ዝሀብን፧

## 2- ክንደይ እዮም ውዕለትን መብጸዓን እግዚኣብሔር ዝረስዑ፧

እስኪ ኮፍ ኢልና መዓልታዊ ምስ ነፍስና ንጸባጸብ እሞ፣ ንነፈስና፡ ንስድራናን ኣዕሩኽትናን ፈለጥናን ዝተገብረልና፡ ኣብ ናይ መዘኻኸሪ ወረቐትና መዝገብ–ዕለትና ንጽሓፎ እሞ ፡ ምስጋና ንኣምላኽ ንሃበሉ። እቶም ካብ ግብጺ ዝወጹ ንኸይርስዕዎ ካብቲ እግዚኣብሔር ዘውረደሎም መና ውዕለት ኣምላኽ ንምዝካር ከም ዝዓቀብዎ መጽሓፍ ቅዱስ የዘንቱ ።
(ዘጸ 16፣32–34) ሩባ ዮርዳኖስ ምስተሳገሩ እውን እንተኾነ፡ ንመዘከርታ ከካብ ነገዶም ሓሓንቲ እምኒ ከም ዝወሰዱ እሞ ከም ዘመስገኑዎ ተጻሒፉ ኣሎ (ኢያ 4፣4–8)።

# 3- ውዕለት እግዚኣቢሔር እንተረሲዕና ናብ እግዚኣቢሔር ዘለና ምስጋናን ፍቕርን እዩ ዝቕንስ።

ከምቲ ኣብ ካልእ መጽሓፍ ኣብዚ መርበብ ከም ዝገለጽናዮ፡ ረሳዒ እንተደኣ ኮይንካ፡ ናይ እግዚኣብሄር ምስጋናን ፍቕርን ልምዲ ተጥፍእ ኣለኻ። ናብቲ ዘለዎ መዓርግ ንኽበጽሕ ሓግዝ እግዚኣቢሔር ከም ዝነበሮ ዝርስዕ ክንደይ ናይ ቤት ጽሕፈት ሰራሕተኛ እዩ ፧ ክንደይ ሰብ ሓዳር እዮም ናይ ሓዳሮም ምምስራት ናይ እግዚኣቢሔር ፍቓድ ምንባሩ ዝርስዑ፧ ክንደይ ሰብ ድዩ ኣብ ምፍታሕ ሽግራቱን ዝረደኦን ካብ መዓት ዘውጸኦን እግዚኣብሄር ምንባሩ ዝርስዕ፧

## ንኽነመስግን ዘዕንቅጹና ምኽንያታት

ገለ እዋናት እቲ እንረኽቦ ሰናይ ነገር ካብ እግዚኣቢሔር ወጻኢ ንኻልእ ዋንነት ንህቦ። ንጹር ንኽኸውን፡ እቲ እንረኽቦ ሰናይ ነገር፡ ብገዛእ ብቕዓትና ወይ ብሓገዝ ናይ ገለ ሰባት ጥራይ ዝረኸብናዮ ይመስለና ። እንተኾነ እዛ ዘላትና ካብ ኣምላኽ ከም ዝኾነትን፡ ብዘይ ደገፉ እውን እንተኾነ ገለ ክንገብር ከምዘይንኽእልን ዘይምርዳእና እዩ። እቶም ዝደገፉና እውን እንተኾኑ፡ እግዚኣቢሔር ቃሉ ኣብ ልቦም ብምንባር ናባና ዝለኣኾም ልኡኻቱ እዮም ።

## 4- ካልእ ምኽንያት፡ ካብቲ ሰናይ ነገር ንላዕሊ፡ ነቲ ኩፉእ ነገር ስለንዝክር እዩ!)

ክንጽብጽቦም ንጅምር እሞ፡ ንምስጋና ዝኸውን ዝኾነ ነጥቢ ንስእን፡ ብኣንጻሩ ግና ኵሉ ጸገማትን ሽግራትን ኣብ ቅድሜና ይግተር። እዞም ከምዚ ዓይነት ሰባት ናይ እግዚኣቢሔር ሰናይ ነገር ዘይርኣዮም፡ ኣየመስግኑን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ውሽጦም ጭንቀት ዝወረሮ፡ ሓዘን ዝገዘኦ፡ ውሽጡ ጸለማት እዩ። እቲ ናይዚ ተጻራሪ ባህሪ ዘለዎ ዓይነት ሰብ ድማ፡ ውዕለትን ሰናያትን ጸጋን በረኸትን እግዚኣቢሔር እንዳዘከረ ብሓጎስ ብተስፋ ብምስጋና እዩ ዝነብር።

## 5- ዘይምዕጋብ ምኽንያት ዘይምምስጋን ከኸትል ዝኽእል እዩ!

እቲ ዕጉብ ሰብ፡ ዘሎዎ ዋላ ውሑድ ይኹን ንኣምላኽ እዩ ዘመስግን ። እቲ ዕግበት ኣልቦ ወይ ፈታዊ ብዙሕ ግና፡ እግዚኣቢሔር ዚሃበ እንተሃቦ ኣይዓግብ ኣየመስግን ፡ እኳ ደኣ ካላእ ተወሳኺ ኣብ ምቁማት ምስጋና እግዚኣቢሔር እዩ ዘጥፍእ ።
ባህግታቱ ድማ ናብ ብቂ ይምዕብል እሞ ምስጋና የጥፍእ ። ኣብዚ

ኩሉ ሰብ ክሕዞን ክፈልጦን ክጥንቀቐሉን ዝግባእ ነዚ ጉዳይ ዝፈላሊ ዓቢ መስመር ኣሎ፡ ንኣብነት፡ — ሓደ ተማሃራይ ኣብ ቤት ትምህርቱ 90% ዘመጽአ፡ ትጽቢቱ ግን ቀዳማይ ወይ ከኣ ካብቶም ሓሙሽተ ቀዳሞት፡ እንተወሓደ ግን 95% ክርክብ ስለዝነበረ ሓዘን ይስመዖ። እንተኾነ እዚ ተማሃራይ እዚ ብምሕላፉ እዩ ንኣምላኽ ከመስግኖ ዝግበኦ፡ ባህግታት ግን ካብ ምስጋና እዮም ዝቖጽዩና።

## 6- ምጉርምራም ሓደ ካብቲ ምስጋና ዘጥፈኣልና እዩ

ኣብ ገለ ሰባት ምጉርምራም ናብ ናይ ኣእምሮ ሕማም እዩ ዝቕየር። ስለዝኾነ ድማ፡ ኩነታቱ እንታይ ይሃሉ ብዘየገድስ ኩሉ ጊዜ ኣብ ምምራርን ምድላይን ምጉርምራምን ይነብር። ዝኾነ ነገር ደስ ኣየብሎን፡ ንዝኾነ ብኣውንታ ኣይቅበልን፡ ከምኡ ከኣ ኣየመስግንን ። እዚ ምፍዋስ ዘድልዮ ናይ መንፈሳውን ናይ ኣእምሮን ሕማም እዩ።

## 7-ደቂ ሰባት ብሰንኪ ካልእ ናይ መንፈሳውን ኣእምሮኣውን ሕማም ምምስጋን የጥፍኡ እዮም

ብዘይካ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ምጉርምራም፡ ክቱር ባህጊ፡ ፍትወት ላዕላይ መዓርግ፡ ካልእ ሕማም ንከይተመስግን ዝገብረካ ኣሎ። ሕማም ከም ሻቕሎት፡ተስፋ ምቑራጽ ፡ጭንቀት፡ ነውጺ፡ ብዛዕባ መጻኢ ምፍራህ፡ እዚ ኵሉ ተሓዋዊሱ ኣፍደገ ምስጋና እዩ ዝዓጹ ። ስለዚ ከኣ ብዘይ ምምስጋኑ ነፍሱ ትደክም፡ ብስንኪ ድኽመት ነፍሱ ከኣ ምስጋናኡ ይርሕቕ ። እቲ ብምስጋና ዝነብር ሰብ ግና ውሽጡ ሰላም ዝመለአ እዩ፡ ዝኾነ ንምድቃስ ዝሕግዞ መድሃኒት ኣየድልዮን ።

## 8- ገሌኦም ከኣ ኣብ ሓጎስ ጥራይ ተሓጺሮም ካብ ምስጋና ግና ዝረሓቑ እዮም

ዝሕጎስሉ ጽቡቕ ነገር ይመጽኦም እዩ። እንተኾነ ኣብ ሓጎስ ጥራይ ተወሲኖም ይተርፉ ። ንሳቶም ዝእመንሉ ገዛእ ርእሶምን ድሌታቶምን እምበር፡ ካልእ ለኣኺ ኣካል ኣሎ ኢሎም ፈጺሞም ኣይሓስቡን። እንተ ንስኻ ሰናይ ነገር ክመጽኣካ እንከሎ ፡ ካበይ ከም ዝመጽአ ተገንዚብካ ምስጋና ሃበሉ። እወ ከምቶም ዓሰርተ ለምጻማት ዝተፈወሱ እሞ፡ እቶም ትሸዓተ ግና ተሓጒሶም ጥራይ ብዘይ ምስጋና ዝኸዱ ኣይትኹን ።( ሉቃ 17፣12–18) ካብ ውህበት ንላዕሊ ናብ ወሃቢ ጠምት።

## ውሽጣዊ ድልየታትናን ኣገማግምኡን

# 9- ካብቲ ኣገዳሲ ጉዳይ፡ ናይ ደቂ ሰባት ስምዒት ብሰናይ ኮነ ኩፉእ ኣብ ብምምስጋን ወይ ብምጉርምራም፡ ማለት ውሽጣዊ ድልየታትናን ንዕኡ እንግንግመሉን እዩ

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ነዚ ኣመልኪቱ ጽብቕቲ ኣበሃህላ ኢሉ ኣሎ። ኣርእስታ ከምዚ ትብል፡ (ንነፍሱ ዘይጎድእ ሰብ ንኻልእ ክጎድእ ኣይክእልን እዩ) ሓቂ ንምዝራብ ነዚ ጉዳይ ብግቡእ ክንርዳእ እንተዘይክኢልና፡ ካብ ካልኦት ከኸትለልና ዝኽእል ጸቕጥታት ክንዋጸኦ ወይ ክንድሕን ዚኸብድ እዩ። ማለት ናይ ምምስጋንና ጸጋ ኣጥፊኡ፡ ኣብ ድኻም ነፍሲ ከውድቕና ተኽእሎ ኣለዎ።

ብሓቂ! ሰብ ኮነ ሸይጣን ክጎድኣና እንታይ ተኽእሎ ኣለዎ፧ ጻድቕን ቅዱስን እግዚኣቢሔር እተፍቅር ሰብ እንተደኣ ኮይንካ፡ እቲ ክህልወካ ዘለዎ ዓላማ ሓደ እዩ ንሱ ከኣ ምስ ኣምላኽ ምልጋብ እዩ። ከምዚ እንተ ገበርካ እምበኣር ክጎድኣካ ዝኽእል ኣካል ፍጹም የልቦን ።

ሓዋርያ ጳውሎስ እውን ከምኡ እዩ ዝበለ፡( ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን እዩ፧ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡ ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፧

ሞት ኰነ ወይ ሕይወት፡ መላእኽቲ ኾኑ ወይ ገዛእቲ፡ ዘሎ ኾነ ወይ ዚመጽእ፡ ወይ ሓይልታት፡ ልዕል ዝበለ ኾነ ወይ ትሕት ዝበለ፡ ካልእ ፍጥረትውን እንተ ኾነ፡ ካብታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኸም ዘይኰነሉ፡ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ፡ በዚ ዅሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና። (ሮሜ 8፣35–39) እምበኣር እቲ ዓላማኡ ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝገበረ ሰብ፡ ብሓጎስ ከንብሮ ዝኽእል ካልእ ኣማራጺ ኣይህልዎን።

## ካብዚ ወጻኢ ኣብ ዓላማ ኣምላኽ ካልእ ዓላማን ድሌታትን ንነፍስኻ እንተወሰኽካ ግና ንሱ እዩ ጎዳኢኻ

እቲ ነዞም ነገራት ዘፍቅር ዘሎ ውሽጣዊ ልብኻ እዩ ጉድኣት ዘስዕበልካ ዘሎ ካልእ ሰብ ኣይኮነን ። ምናልባት ሰብ ገንዘብ ወሲዱልካ ንበል፡ ብፍቕሪ ገንዘብ ዘይተታሓዝካ ሰብ እንተ ደኣ ኮይንካ፡ ብእኡ ብዙሕ ኣይክትሓምምን፡ ብምውሓዱ ይኹን ብምብዝሑ እትግደስ ስለዘይኮንካ፡ በዚ ኣይተጎዳእካን ። ከምኡ’ውን ሓደ ሰብ ኣእሲሩካ ከኣ ንበል፡ ኣብ ናይ ሕልና ናጽነት ፡ መንፈሳዊ ኣተሓሳስባኻ፡ ርክብካ ምስ ኣምላኽ እምበር ብኻልእ ዘይትግደስ እንተ ደኣ ኮይንካ፡ በቲ ዘለኻዮ ቦታ እውን ስለዘይትጭነቕ ኣይትጉዳእን ። ቅዱስ ጳውሎስ እውን ኣብ ማዓሙቕ እሱርቤት ኮይኑ እዩ ብሓጎስ ዝዝምር ዝነበረ።

ሰባት እንታይ እዮም ክገብሩኻ፤ ክቐትሉኻ፤ እሞኸ እንተደኣ ምርጫኻ ምስ ክርስቶስ ኮይኑ እዚ ንዓኻ ክሳራ ድዩ፤ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባኡ እንታይ ግዲ እዩ ኢሉና፤ ( ንዓይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ፡ ሙማትውን ረብሓይ እዩ,,, ንዓይ ኣዝዩ ዚሐይሽ እዩ እሞ፡ ክፋኖ ምስ ክርስቶስውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ።(ፊሊ 1፣21–23) ሰማእታት ከም ዝተሳቐዩን ዝተቐትሉን፡ እንተኾነ ኣኸሊል ዓወት ደኣ ተጎናጸፉን ናብ ክብሪ ኣምላኽ ብምብጻሖም ኣመስገኑን እምበር፡ ከም ዝተጎድኡ ተሰሚዕዎም ኣይፈልጥን ።

## እቲ እንኮ ከሕዝነና ዝግበኦ መጉዳእቲ እምበኣር፡ ካብ ኣምላኽ ምፍላይ ጥራይ እዩ ።

እወ እንተደኣ ተጻዊርናዮ እቲ ኣኽሊል ሰማይ ከውህበና ዝኽእል ጸበባን ሽግራት ኣይኮነን ከሕዝነና ዘለዎ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡ ( 2ይ ቆረንቶስ 12 ( እምብኣርከ ምስ ዝደክም፡ ሽዑ እየ ዝብርትዕ እሞ፡ ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድኻም፡ ብጸርፊ፡ ብሓሳር፡ ብምስጓጕ፡ ብጸበባ እሕጐስ እየ።( 2ቈረ 12፣10)

# ካብ መደብ እግዚኣቢሔር ንላዕሊ፣ ኣብ ናይ ግልኻ ኣተሓሳስባ ምጽናዕ

## ካብቲ ዝዓበየ ሽግራትካ ሓደ፡ ካብ መደብ እግዚኣቢሔር ንላዕሊ፡ ኣብ ናይ ግሊ ሓሳብ ምጽናዕካ እዩ።

ማለት ንጉዳይና ብናይ ሰብኣዊ ኣተሓሳስባናን ኣእምሮናን መገድናን ጥራይ ክንምድቦ ንደሊ። እንተኾነ ንሕና ዘይንርድኦ ኣምላኽ ከኣ ናቱ መደብ ክህልዎ ስለዝኽእል ፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ዝደለናዮ ምስ ዘይንረክብ ዓቕሊ ምጽባብን ምሕራቕን እምበር ምምስጋን ኣይንኽእልን ። ምናልባት እውን ከይሓረቕና ክንጻወሮ ንኽእል ንኸውን፡ እንተኾነ ግና ምስጋና ኣይንህብን።

## ምኽንያቱ ኣብ መንጎ እቲ ዘመስግንን እቲ ተጻዊሩ ግን ድማ ስቕ ዝብልን ፍልልይ ኣሎ!

ተጻዋርነትና! ነቲ ጸበባ ብዘይ ምጉርምራም ብምጽዋርን ብትዕግስትን ከምዝኽኣልናዮ እዩ ዝገልጽ ። ምምስጋንና ግና እዚ ጸበባ ንሰናይ ምዃኑ ተኣማሚንና ንእግዚኣቢሔር ምስጋና እንህበሉ ማለት እዩ። በዚ ከኣ መንፈሳውነትና ካብ ርኢኻ ምእማን ናብ ከይረኣኻ ምእማን ደረጃ ይልዕል ኣሎ ማለት እዩ።

ስለዚ ከኣ፡ ኣብ ሰብኣዊ ኣተሓሳስባ ዘይውከሉ፡ ነቲ እግዚኣቢሔር ንዓና ዝገብሮ ኲሉ ሰናያት ብእምነት ዝርእዩ ሰባት ንኸውን ኣለና ማለት እዩ ። እቲ መሎኮታዊ ኣምላኻዊ ቃል ከዛረብ እንከሎ ከምዚ ኢሉ ኣሎ ፣( እምበኣርስኸ እቲ ሰናይ ምግባር ዚፈልጥ እሞ ዘይገብሮ፡ ንእኡ ሓጢኣት ይኹኖ እዩ። ያዕ 4፣17) ፍቓድካ ንእግዚኣቢሔር ጠቕሊልካ እንተደኣ ወፊኻዮ፡ እግዚኣቢሔር ብኽእለቱን ብናጽነትን ኣባኻ ሰናይ ይሰርሕ ።

## እግዚኣቢሔር ብባህሩ ገባሪ ሰናይ ስለዝኾነ፡ ኣባና ሰናይ ነገር እዩ ዝሰርሕ ኢልና ክንኣምን ግዴታና እዩ።

ኲነታተይ ሕማቕ እንተ ደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ጸጋ እግዚኣቢሔር ስለዘይተፈልየትኒ ደኣ እምበር ፡ካብኡ ዝኸፈአ ምኾነ ነይሩ። ግና ከኣ ካባይ ስለዘይተፈለየ ንኣምላኽ ምስጋና ይብጻሓዮ። ጸገም ናብራይ ናይ ሓጥያተይ ምኽንያት ስለዝኾነ ገዛእ ርእሰይ እየ ከውንጅል ዝግበኣኒ ። እንተ ንእግዚኣቢሔር ግና ብሰንኪ ሓጥያተይ ስለ ዘይተቐጠዓንን ፡ጌና እውን ካብዚ ዘለኹዎ ከም ዘውጽኣኒ እንዳ ተኣመንኩ ምስጋና ኣቕርበሉ ።

## እምበኣር ኣነ ደኣ እየ ጻረ ነፍሰይ እምበር፡ ኣምላኽስ ኲሉ ጊዜ ሰናይ ምስ ገበረለይ እዩ

ስለዚ ከኣ እየ ኣብ መደብን ጥበብን ኣምላኽ ክእመን እምበር፡ ኣብቲ ፍልጠቱ ድሩት ዝኾነ ባህሪ ሰብ ክውከል ዘይብለይ ። ዝኾነ ነገር ኣብ ዘጋጥመና ጊዜ(" ናይ ግድን ድሕሪ እዚ ጉዳይ ክግለጸልና ንደለዮ ጥብብ እግዚኣቢሔር ዘዳለዎ ነገር ኣሎ ። ዋላ እውን ይገለጽ ኣይገለጽ ጥበቡ ኵሉ ጊዜ ህልዉ ምዃኑ ኣሚንና ነመስግኖ ። እወ! እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም ( ዮሓ 20፣29)።

## እዛ እምነት እዚኣ ብጥበብ ኣምላኽ፡ናብ ፍቓድካ ንእግዚኣብሄር ምግዛእ ትመርሓና።

(ፍቓድካ ንእግዚኣብሄር ምግዛእ ምስ ናይ ምስጋና ሕይወት ጥቡቕ ምትእስሳር ኣለወን) ኣብ ከምዚ ሕይወት፡ ንጐይታ ከምዚ እብሎ፡–ኦ ጐይታ ካብዚ ኣነ ዘለኽዎ ኩነታት ዝሓሸ ንዓኻ ዝረኣየካ እንተ ዝህሉ፡ ናብኡ መሰጋገርካኒ ኔርካ ። ወይ ከኣ ካብዚ ሕጂ ዘለኽዎ ንላዕሊ ዝግበኣኒ ነይሩ እንተ ዝነብር ምሃብካኒ እምበር ኣይምኸልከልካንን ። ብርግጽ ከኣ ካብ ዝግበኣኒ ንላዕሊ ትህበኒ ኣለኻ። ስለዚ ንዓይ ንህይወተይ ኣብ ጥበብካን ፍቕርኻን መደብካን ተኣሚነ ምምስጋን ይኣኽለኒ እዩ።)

# 10- ምርሳዕ ሓጥያትን፣ ድሕሪ ቃንዛ ዘሎ በረኸትን ክብርን ብሰናይ ምግዛእን!

ሓደሓደ ጊዜ ሓጥያትና ዋጋ ከም ዘኽፈለና ብምርሳዕና ምስጋና ኣይንህብን፡–ሓጥያትና እንተ ንዝክር ኔርና ግና፡ እግዚኣቢሔር ከም መጠን ሓጥያትናን ኣበሳናን ስለ ዘይፈረደና መመስገንናዮ ኔርና ።( መዝ 103) ዋላ እውን ዋጋ ሓጥያትና እንተ ሃበና፡ ካብ ኣብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ ምድርባይ፡ መቕጻዕትና ኣብዛ ምድሪ ስለዝኸፈለና ከነመስግኖ ይግባእ ። ( ማቴ 25፣46) ማለት ከምቲ ኣልኣዛር ኣብ ምድሪ መከርኡ ዝወደአ ።( ሉቃ 16፣19) ብተወሳኺ ከኣ ክብደት በደልናን ሓጥያትና ክንመዝንን ክንርዳእን እንተ ንኽእል፡ እቲ ሕጂ ዝበጸሓና ኣዚዩ መሪር ስቓይ ፡ ካብቲ ክበጽሓና ዝግባእ ኣዚዩ ውሑድ ምዃኑ እንዳ ሓሰብና ንኣምላኽ ክብሪ ምሃብናን መመስገንናን ። ከመይሲ ነፍሲ ወከፍ ቃንዛ ናብ ንሰሓ ክንበጽሓላ ኣምላኽ ዝፈቐዳ ስለዝኾነት ።

# 11- ንሕና፡ ብፍላይ ኣብ ቃንዛ ዘሎ በረኸት ኮነ ክብሪ ሰኣን ምስትውዓል ምስጋና ኣይንህብን!

ቃንዛ ግን ምስጋና ዝግበኣ ውህብቶ ኢያ። ስለዚ ከኣ እዩ እቲ ሓዋርያ ከምዚ ዝበለ፡–( ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ

ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኰነን ጻጋ ተውሂብኩም ።( ፊሊ 1፣29) ስለዚ እምበኣር ካብ ኣምላኽ እንረኽባ ቃንዛ ክብሪ ዘለዎ ውህብቶ ኢያ ። ደጊሙ እውን እዚ ሓዋርያ፡ – ( ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ፡ ምስኡውን ክንከብር ኢና። ሮሜ 8፣17) ብምባል ነቲ ንብሎ ዘለና የነጽረልና። ቃንዛ በረኸትን ክብርን ዘውህብ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ምስጋና ይግበኦ እዩ ንብል ኣሎና።

## በዚ ምኽንያት ከኣ ኣምላኽ ስቓይ ናብ ፍትዋቱ ኣይከልክልን!

ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብነት እንተ ወሰድና፡ ኣብ ኣገልግሎት ካብ ኲሎም ሓዋርያት ዝያዳ ዚጸዓረ ነበረ (1ቈረ 15፣10)። ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግና ከኣ፡ ካብ ኲሎም ሓዋርያት ንላዕሊ ከም ዝተሳደደ ይገልጽ ( 2ቈረ 11)። ገለ ገለ ካብቲ ብዙሕ (ብዙሕ ድኻም፡ ብጸብለልታ ብመወቃዕቲ፡ ብብዙሕ ማእሰርቲ፡ ብብዙሕ ኣብ ሞት ዘብጽሕ መወቃዕቲ (2ቈረ 11፣ 23)። ኣምላኽ ግን እዚ ኲሉ መግደራ ከይበጽሖ ኣይተኸላኸለን ጥራይ ዘይኮነስ፦ (ምእንቲ ስመይ ክንደይ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ ከም ዚግብኦ ኽርእዮ እየ፡ ( ግብ 9፣16) ክብል ከሎ ኢና ቃሉ ነንብብ።

## ከምቲ ንቅዱስ ጳውሎስ እንብሎ፡ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ናይ እምነት ጅግና እውን ንብሎ ኢና ።

ኣርባዕተ ጊዜ ካብ መንበሩ ክእለ ተጌሩ፡ ብዙሕ ናይ ክሲ ሽርሒታት ኣንጻሩ ተኣሊሙ፡(" ኣታ ኣትናቴዎስ ዓለም በመላኣ ኣንጻርካ ኢያ "።ተባሂልሉ ። ኣኽሊልን ክብርን ዘምጽእ ቃንዛ ስለዝኾነ ከኣ ኣምላኽ ጠጠው ኣየበሎን ። ከምኡ’ውን ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ዝኾነ ኣበር ዘይብላ ንጽህቲ ክክንሳንሳ፡ ብዙሕ ስቓይ በጺሕዋ እዩ።

## ምእንቲ ስም እግዚኣቢሔር ስቓይ እንተ ተጻዊርካ እምበኣር፡ ካብ ልብኻ ንኣምላኽ ኣመስግኖ።

ምኽንያቱ ምእንቲ ክብሪ ስሙ እትጻውር ኣባል ቤተ ሰብ ጌሩካ ስለዘሎ። ( ግብ 5፥41) ናብ መንግስቲ ኣምላኽን መንገዲ ሕይወትን ዝመርሓካ ጸቢብ ኣፍደገ ስለ ዘብጸሓካ ኣመስግኖ ( ማቴ 7፥14)።

## 12- ኣብ መጨረሽታ ዝብላ እምበኣር፡ ዘይምምስጋንና ምኽንያት፡ እቲ ዘሎና በረኸት ዋጋ ዘይወሃቦን ምስጋና ዘየድልዮን ጌርና ስለ እንሓስቦ እዩ።

ኣይተመስግነሉን ደኣ ኮይንካ እምበር ብጥዕና ምህላውካ፡ ካብ ኩፍእ ምስዋርካ ናይ እግዚኣቢሄር ሰናይ ነገር እዩ። እቶም ነዚ ዝሰኣኑ ሰባት ዓቢ ዋጋ እዮም ዝህብዎ። እንተረኺብዎ ከኣ ካብ ልቦም እዮም ምስጋና ዝህብሉ። ኣብነት ክህበኩም፡– ኣብዚ ጉባኤና ምናልባት ኣብ ጊዜ ኣገልግሎት መብራህቲ ስለ ዝሃለወ ጥራይ ዘይከተመስግን ትኽእል ትኸውን ። ብዝኾነ ምኽንያት እዚ መብራህቲ እንተ ጠፊኡ ግና፡ ሽዑ ኣብ ሓሲብክሞ ዘይትፈልጡ ጸጋ ከም ዝጸናሕኩም እሞ፡ ከም ቀሊል ነገር ቆጺርኩሞ ምስጋና ከም ዘይሃብክምሉ ይስወጠኩም ። እቲ ዝበዘሐ ኣብ ሕይወትና ቀሊል ዝመስል ጉዳያት እምበኣር፡ ምስጋና ዘድልዮ ምኺኑ ንረደኣዮ።

ተፈጸመ!

ቅዱስ ኣቡነ ሺኖዳ ሳልሳይ ናይ መንበረ ማሪቆስ ግብጺ ሊቀ ጳጳሳት መበል 117! በረኸቶምን ጸሎቶምን ምስ ኩልና ይኹን ኣሜን።